# “ተሰሪቑ፣ ተሰቢሩ፣ ዓንዩ”
# ተሓታትነት ብዘይምህላው፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ትካላት ጥዕና ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕትታት ብኸመይ ኪጋደድ ገይርዎ

**ብትካል ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን (OJAH) ብሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት (PHR) ዝተዳለወ ሓፂር መፅናዕታዊ ፅሑፍ - ነሓሰ 2026**

## ምስጋና


እዚ ሓፂር መፅናዕቲ ፅሑፍ ብተመራመርቲ ትካል ፍትሕን ተሓታትነትን ቀርኒ ኣብ ኣፍሪቃን (OJAH) ሓካይም ሰብኣዊ መሰላትን (PHR) ዝተፅሓፈን ዝተገምገመን እዩ። እዚ ጉጅለ መጽናዕቲ ናይቶም ሰብሞያ ጥዕና ዘርኣይዎ ብርትዐን ግልግሎት ጥዕና ናብ ንቡር ንምምላስ ዘርኣይዎ ብቕዓትን ኣፍልጦ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ’ዚ መፅናዕቲ ናይዞም ሰብሞያ ጥዕና ተሞኩሮኦምን ተጻዋርነቶምን ዘንጸባርቕ ም኿ኑ ክንሕብር ንደሊ።


**ሓበሬታ ብዛዕባ ሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት፡** ሓካይም ሰብኣዊ መሰላት (PHR) ሕክምናን ሳይንስን ብምጥቃም ንዝፍጸሙ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላት ኣቓልቦ ንኽረኽቡን ክስነዱን ይገብር። ፒኤችኣር፡ ሓካይምን ካልኦት ሰብ ሞያ ጥዕናን ዘለዎም ፍሉይ ክእለት ርኡይ ተኣማንነት ዘለዎ ምርመራን ስነዳን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ይኽእሉ’ዮም ካብ ዝብል ሓሳብ ዝተመስረተ’ዩ። ከም ግብረ መልሲ ንወፅዓ ፆታዊ ዓመፅ፡ ፒኤችኣር ኣብ 2011ብሰንኪ ፆታዊ ዓመፅ ዘጋጥሙ ዘይተሓታትነት ንምምካት ኣብ ዝተፈላለዩ ግጭታት ዝነበሮም ከባቢታት (ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኢትዮጵያ፡ ዒራቕ፡ ኬንያ፡ ሚያንማርን ዩክሬንን) ሓደ መደብ ጀሚሩ። ብተወሳኺ ፒኤችኣር ኣብ መጠንን ስፍሓትን ምስ ጎንፂ ዝተኣሳሰር ፆታዊ ዓመፅ ንምርዳእን ዝተፈላለዩ ኩነታትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፣ ኬንያ፣ ሚያንማርን ሴራሊዮንን መጽናዕቲ ኣካይዱ እዩ።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ውድብ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡** እዚ ውድብ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ (OJAH) ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናፃን ዘይሻራውን ትካል ኮይኑ ፍትሕን ኣገባባት ተሓታትነትን ንምንጋስ ኣብ መርትዖታት ምእካብን ምዕቓብን ብተወፋይነት ዝሰርሕ ትካል’ዩ። ተልእኾ ናይዚ ትካል ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝፍጸሙ ገበናት ኲናት፡ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት፡ ምስ ጎንፂ ዝተኣሳሰር ፆታዊ ዓመፅን ካልእ ከቢድ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ንምዕጋት እዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ሰነዳትን ምርመራታትን ብምክያድ፡ ንፍትሕን ተሓታትነትን ዝኸውን ሃዋህው ብምፍጣር፡ ነገራት ብምዕቃብን ብምትንታንን፡ ከምኡ’ውን ንፃዕሪ ኣህጉራውያን ተዋሳእቲ ፍትሕን ተሓታትነትን ብምድጋፍ’ዩ ዝካየድ።

*መወከሲ፡* ሓካይም ሰብኣዊ መሰላትን ውድብ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ። “ተሰሪቑ፡ ተሰቢሩ፡ ዓንዩ” ፡ ተሓታትነት ዘይምህላው፡ ነቲ ኣብ ትካላት ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕትታት ብኸመይ ክጋደድ ከምዝገበሮ-ሰነ 2026 ።

## መእተውን ቀንዲ መልእኽትን

ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዕጥቃዊ ጎንፂ ኣብ ትካላት ክንክን ጥዕና መጥቃዕቲታት ምፍጻም ቀንዲ መለለዪ ኮይኑ ኣሎ። መጥቃዕቲታትን ምፍርራሕን ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርፂ ክንክን ጥዕና፣ ሎጀስቲካዊ ቀረባት ጥዕናን ሓይሊ ሰብ ክንክን ጥዕናን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብ ጎንፂ ዝርከቡ ክልላት ኢትዮጵያ ከም በዓል ትግራይ፣ ኣምሓራን ዓፋርን ከም ታክቲክ ይቕጽሉ ኣለው። ተዋጋእቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ብምጥቃም ትካላት ጥዕና ይወቅዑ ኣለው፣ ክምኡውን ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ይምርመሩን ይቕተሉን ኣለዉ። ብጎንፂ ዝተሃሰዩ ስርዓታት ክንክን ጥዕና ንምቕጻልን ዳግማይ ንምህናፅን ዝሕግዝ ፀጋታት ውሑድ ስለዝኾነን፡ ብሰንኪ ምጉዳል ወሳኒ ምወላ ኣመሪካን ካልኦት ኣህጉራውያን ለገስቲን ኣዝዩ ነክዩ። ቅድሚ ውሑዳት ኣዋርሕ ጀሚሩኣብ መላእ ኢትዮጵያ ስግኣት ምውሳኽ ጎንፅን በቲ ንዓመታት ዝፀንሐ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ስእነት ምክልኻል ግፍዒን፡ ዘይተሓትነትን ናይ ስግኣት ደወል ይርአ'ሎ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዘይተርፍ መጥቃዕቲ ክፍጸም ዝቐረበ ይመስል፡ እዚ ድማ ንሰላማውያን ሰባት ኣብ ልዑል ሓደጋ የእትዎም። ስለዝኾነ ድማ ነዚ ኣብ ጎንፂ ዝፍጠር ግህሰት ትካላት ጥዕና ንምውሓስን መስርሕ ተሓታትነት ንምስፉንን ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዘጋጥም ጉድኣት ንምክልኻልንማሕበረሰብ ዓለም ሕዚ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ።

ብሓካይም ሰብኣዊ መሰላት (PHR)ን ውድብ ፍትሕን ተሓታትነትን ቀርኒ ኣፍሪቃ (OJAH)ን ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ከም ዝሰነድዎ፡ ካብ ሕዳር 2020 ጀሚሩ ኣብ ጎንፂ ዝርኣየሎም ክልላት ኢትዮጵያ ማለት ኣብ ክልላት ዓፋር፡ ኣምሓራን፡ ትግራይን ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና መጥቃዕቲ ከም ዘጋጠመ ይሕብር። ዋላኳ ማእዝናት ጎንፂ ምስ ፖለቲካዊ ሽርክነታት ዝቀያየሩ እንተኾኑ፡ እቲ ንትካላት ክንክን ጥዕና ግዳይ መጥቃዕቲ ምግባር ግን ከም ናይ መጻወቲ ዕላማ ኮይኑ ቀጺሉ ኣሎ።

***ዕጡቓት ተዋሳእቲ ኣብ ኢትዮጵያ፤***

- *መጥቃዕቲ ፈፂሞም፡ ዘሚቶምን ኣብ ትካላት ጥዕና ሰፈሮምን'ዮም*
- *ናይቲ ማሕበረሰብ ቀረባት ሕክምና፡ መሳርሒታት ሕክምናን ኣገድስቲ መድሓኒታትን ገፊፎም ጥርሑ ኣትሪፎሞ፡*
- *ሰራሕተኛታት ጥዕና ግልግሎት ስለ ዝሃቡ ኣፈራሪሖሞም፡ ብግፍዒ ተጠቂዖምን ተቐቲሎምን*

*ሓደ መኮነን ጥዕና ካብ ትግራይ ምስ PHRን OJAHን ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ከም ዝበሎ፥*

“ብዙሓት ማእከላት ጥዕናን ሆስፒታላትን ተጎዲኣም እዮም። እቶም ጥቕዓት ዘውርዱ መሳርሒታት ሕክምና ሰሪቖምን፡ ትካላት ጥዕና እዉን እቲ ማሕበረሰብ ዳግማይ ንከይጥቀመሉም ኮነ ኢሎም ኣፅንዮሞዎ እዮም። ህንፃታት ኣፍሪሶም፡ ማዕፆታት ሰባቢሮምን ኣብ ዝተፈላለዩ ተግባራት ዕንወት ተሳቲፎምን እዮም።”

ብመሰረት ጸብጻብ ኢንሴኩሪቲ ኢንሳይት፡ ካብ ጥሪ 2025 ክሳብ ሚያዝያ 2026 ጥራሕ 89 መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ማእከላት ጥዕና ኢትዮጵያ ተሰኒዶም ይርከቡ፡ እቶም መጥቃዕትታት ከኣ ደብዳብ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ምፍርራሕ፡ ዕላማ ምግባርን ምቕታልን ሰራሕተኛታት ማእከላት ጥዕና የጠቓልሉ።

ዋላኳ ቀጻሊ መጥቃዕትታትን ስግኣታትን ኣብ ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያ  እንተሃለወ፡ ስነዳ ግን ድሩት እዩ ነይሩ፡ ንኣብነት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብዚ እዋን'ዚ ንኢትዮጵያ ኣብ ስርዓተ ምክትታል ልዕሊ ክንክን ጥዕና ንዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ንምክትታልን ምርግጋጽን ብእኹል መልክዑ ዝድግፍ ፀጋታት ብዘይምህላዉ ኣብቲ መፅናዕቲ ኣየእተዋን።

እዞም መጥቃዕትታት ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ባህሪ ናይቲ ጎንፂ ሰፊሕ ኣቓም ዘንጸባርቑ እዮም።  PHRን OJAHን ካብ ሓምለ ክሳብ መስከረም 2024 ዓ/ም ኣብ ክልላት ዓፋር፣ ኣምሓራን ትግራይን ንዝርከቡ 602 ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ዳህሳስ ኣካይዶም ነይሮም፡ መብዛሕትኦም ተሳተፍቲ ከኣ ዝተፈላለዩ ቀጥታዉን ኣካላዉን መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትካላትን ትሕት ቅርጽን ጥዕና ከምዘጋጠም ሓቢሮም ።  PHRን OJAHን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ዝገበርዎ መጽናዕቲ እቶም ቀንድን ዝተመረፁን ዉፅኢታትን ካልኦት ተወሰኽቲ ምንጭታት ከምዝሕብርዎ፥

- ካብቶም ተሳተፍቲ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና (602) እቶም 63.5% (382) ፡ ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ መስከረም 2024 ኣብ ልዕሊ ኣምቡላንስ መጥቃዕቲ ከምዘጋጠመ ሓቢሮም።
- ካብቶም ተሳተፍቲ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና እቶም 61.1 % (368) ፡ ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ መስከረም 2024 ስርቅን ዝምታን ኣብ ልዕሊ ትካላት ክንክን ጥዕና ከምዘጋጠመ ሓቢሮም።
- ካብቶም ተሳተፍቲ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና እቶም 57 % (343) ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ መስከረም 2024 እቶም ዝሰርሑሎም ትካላት ጥዕና ብዕጡቓት ከምዝተወሰዱ ሓቢሮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ዘለው ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ቀጥታዊ ዓመፅን ተወሰኽቲ ዘይቀጥታዊ ፅልዋታትን ኣጋጢምዎም እዩ፣ እዚኦም ድማ ብጎንፂ ንዝተሃስዩ ማሕበረሰባት ክንክን ካብ ምሃብ ዝመፅእ ሳዕቤናት ጥዕና፡ከም ኣእምሮ ምድራትን ቁጠባዊ ፅልዋታት ዘስዕቡ ከም ደሞዝ ምኽልካልን ናይ ምንባር ዓቕሞም ምድራትን ኣጋጢምዎም እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ 28 ሚእታዊት (167) ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኣብ እዋን ጎንፂ ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና ስለዝኾኑ ጥራይ ግዳይ ዓመፅ ከምዝኾኑ ክሕብሩ እንከለዉ፡ 45 ሚእታዊት (268) ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ድማ መሳርሕቶም ተመሳሳሊ ዓመፅ ከምዘጋጠሞም ገሊፆም።

*ካብ ዓፋር ዝመፀ መኮንን ጥዕና ከምዚ ክብል ኣካፊሉ፤*

"ገለ ሰራሕተኛታት ጥዕና መጥቃዕቲ በፂሕዎም። ኣብ እዋን ጎንፂ እብ ማእከላት ጥዕና ዝተፈላለየ ንብረት ከም ወንበርን ካልኦት ናውቲ ሕክምናን ስኢነን እየን። ብተወሳኺ ሕፅረት ናውቲ ሕክምና ከምዝነበረ ማለት ሕፅረት መድሓኒት ስለዝነበረ፡ እቶም ተገልገልቲ ሕክምና ሕፅረት ኣሎ ክንብሎም እንከለና ንሕሱ ዘለና ኮይኑ ይስምዖም ኔሩ። ገለ ተገልገልቲ ሕክምና ሰራሕተኛታት ጥዕና መድሓኒት ይሓብኡ ኣለው ኢሎም ስለ ዝሓሰቡ ንሰራሕተኛታት ጥዕና የፈራርሑ ኔሮም።"

ነፍሲ ወከፍ ተዋጋእቲ ወገናት ናይዚ ጎንፂ - ማለት እውን ሃገራዊ ምክልኻል ኢትዮጵያ (ENDF)፡ ሃገራዊ ምክልኻል ኤርትራ (EDF)፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (TPLF) ናይ ኣምሓራ ፋኖን ኮይኖም ኣብዚ ዝርአ ዘሎ መጥቃዕቲ ትካላት ጥዕና ተሳተፍቲ ኮይኖም፡ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕና ከም ንቡር ዝርኣይ ምኺኑ ዘንጸባርቕ እዩ። ጸብጻባት ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብዙሓት ናይ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕና ብምክያዱ እቲ መጥቃዕቲ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ።

ስርዓተ ጥዕና ኢትዮጵያ ንዓመታት ብዝጸንሐ ጎንፂ ዝዓነወ ኮይኑ፡ ብሕዚ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ውግኣት ክፃወር ዝኽእል ኩለንትናዊ ምድላዋት የብሉን። ስርዓት ክንክን ጥዕና ትግራይ ኣብ መላእ ኣፍሪካ ከም ሞዴል ዝውሰድ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብዚ እዋን ብሰንኪ ጎንፂ ኣዝዩ ዓንዩ እዩ። ዋላ'ኳ ብዙሕ መፅብዓታት እንተኣተወ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንግዳያትን ካብ ዓመፅ ንዘተረፉ ሰባትን ፍትሒ ከምፅኣሎም ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ማሕበረሰብ ዓለም (ብፍላይ ድማ ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን) ኣብ ኢትዮጵያ ንዝፍፀም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ገበናት ግፍዒን ተሓታትነት ክህሉ ክገብር ስለዘይከኣለ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ እቲ ጎንፂ ዝፀንሐ ወጥሪ ኣቕልቦ ክግበረሉን ክመሓየሽን ኣይከኣለን፡፡ ዋላ'ኳ ነዚ ተደጋጋሚ ዑደታት ዓመፅ ንምእላይ ዕድል እንተሃለወ፡ ድሮ ጎንፂ ከምዝወሰኸ ዝሕብሩ ምልክታትን ቅድመ መጠንቀቕታታት ብግልፂ ይርአሉ። ትካላት ጻጋታት ይእከባ፣ ህጹጽ ዘይኮነ ሕሙማት ይምልሳ ፣ ከምኡ እውን ብሰንኪ ስእነት ቀረባትን መሃያ ዘይተከፈሎም ሰራሕተኛታትን ኣብ ከቢድ ሕፅረት ይሰርሓ ኣለዋ ። ወጥሪ እናወሰኸ ይኸይድ ስለዘሎ ትርጉም ዘለዎ መፍትሒታት ንምምጻእ ዝግበር ፃዕሪ እናፀበበ ይኸይድ ኣሎ።

ዓለምለኻዊ ተዋሳእቲ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ነቲ ቅድሚ ፍርቂ ዓሰርተ ዓመት ዝቐጸለ ጎንፂ ዝተፈጠረ ቅልውላው በቲ ዝጠልቦ ህፁፅነት ክሕዝዎ ኣለዎም። ብመሰረት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ ንጥዕና ዝወሃብ ሓለዋታት ዘየማትእ እኳ እንተኾነ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብዘይ ብስርዓተ ተሓታትነትን መቕፃዕትን ተጣሒሱ ኣሎ። ኣብተን ብጎንፂ ዝተሃሰያ ዞባታት ትሕተ ቅርጺ ጥዕና፡ ቀረብ ሰንሰለታትን ካሕሳ ሰራሕተኛታት ጥዕናን ንምድጋፍ ህጹጽ ወፍሪ የድሊ፡ መጥቃዕቲ ንምፅራይን ተወሳኺ ዓመፅ ንምዕጋትን ዝሕግዝ ተኣማንነት ዘለዎ ናይ ተሓታትነት ኣገባባት ድማ ብህፁፅ ክቐውም ኣለዎ።

## ለበዋታት

***ንኹሎም ኣብቲ ጎንፂ ዝተሳተፉ ወገናት፤***

- ኣብ ልዕሊ ጥዕና ትካላት ዝፍፀም መጥቃዕቲ ከም ሜላ ኲናት ምጥቃም ደው ከብሉን ኣብ ግዜ ጎንፂ ዕቑባ ጥዕና ክከላኸሉን ከኽብሩን።
- ንጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ካልእ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊን ንምክትታልን ንምስናድን ኣህጉራውን ዞባውን መርማሪ ዕማማት ዳግማይ ብምትካል፡ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍፀሙ ከበድቲ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ግፍዒ ገበናትን ዘጋጠሙ ዘይሻራዊን ነፃን ሰነዳትን መርመራን ምርግጋፅ።
- ንህላወኦም ኣገደስቲ ዝኾኑ ቀረብ ዘድልዮም ሰላማውያን ሰባት ብዘይገደብን ብዘይሻራዊን ሰብኣዊ ረድኤት ንኽወሃብ ምፍቃድን ምጥጣሕን፡ ዳግመ ህንፀትን ምሕዋይን ትሕተ ቅርፂ ክንክን ጥዕና ንምሕያል፡ ተረባሕነት፡ ተበጻሕነት፡ ተቐባልነትን ጽሬት ዘለዎ ግልግሎት ጥዕናን ፡ ብዘይ ኣድልዎ ምርካብ ኮላይ ነቶም ካብ ፆታዊ  ዓመፅ ዝደሓኑ ሰባት፡ ኣብ ኩሉ ብጎንፂ ዝተሃሰዩ ከባቢታት ምድጋፍ።

***መንግስቲ ኢትዮጵያ፤***

- ንሰብ ሞያ ጥዕና ኢትዮጵያ ንምድጋፍ ምሉእ ክፍሊት ደሞዝ ምኽፋልን ኣቐዲሙ ዘይተኸፍሎም ደሞዝ'ውን ድሕረ ክፍሊቶም ብምርግጋጽ፡ ንዝወርዶም ካልኣውን ፡ ብተዘዋዋሪ ዘጋጥሞም ኣእምሯዊ ጉድኣት ንምፍታሕ'ውን ደገፍ ክህብ ይግባእ።
- ቅልጡፍ መስርሕ ካሕሳ፣ ፍትሕን ተሓታትነትን ስጉምትታት ምርግጋጽን ግዳያት ማእከል ዝገበረ ዘማእከለ ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ደረጃታት ዝሰማማዕ መሰጋገሪ ፍትሕን ተሓታትነትን ብምትግባር ስጉምቲ ክወስድ ይግባእ።
- ንኹሎም ክስታት ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ ቅልጡፍ፣ ነጻን ዕሙቕ ዝበለን ምርመራታት ብምክያድ፣ ነቶም ኣብ ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ዓፋር ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ገበን ዝፈጸሙ ገበነኛታት ብግልጽን ተኣማንነትን ኣሰራርሓ ናብ ሕጊ ከምዝቐርቡ ከረጋግጽ ይግባእ።

***ናብ ኣህጉራውን ዞባውን ማሕበረሰብ፤***

- ዳግማይ ህጹጽ ዘይሻራዊን ነጻን መስርሕ ምርመራ ብምጥያሽ ጥሕሰት ንምስናድን ንዝተጎድኡ ማሕበረሰባት ፍትሕን ተሓታትነትን ዝረኽብሉ መንገድታት ምትካል የድሊ።
- ኣብ ኢትዮጵያ መሰል ጥዕና ንምርግጋጽ ዝድግፍ ምወላ ኮላይ ንኣገደስቲ ቀረባትን ሸቐጣትን ምወላ፣ ብጎንፂ ዝተጎድኡ ስርዓታት ጥዕና ዳግመ ህንጻትን ንሰብ ሞያ ጥዕና ዝድግፍን፣ ብዓለማዊ ጽምዶታት ጥዕናን ስምምዓት ረድኤትን፣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፣ ምዕሩይነት፣ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ተሓታትነት ዝተመርኮሰ፣ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት፡ ኣስገዳድ፡ ፋይናንሳዊ ገድብን ገደብ ጥዕናዊ ጸብጻብን ከንቀሳቐሱን፡ ክምውሉን ክዕቅቡን ይግባእ።
- ብጎንፂ ዝተሃሰዩ ህዝብታት ትርጉም ዘለዎ ተበፃሕነት ንምርግጋጽ ግዳያት ዘማእከለን፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን በሰላታት ኣብ ግምት ዘእተወን ኣብ ጎንፂ ንዘጋጥም ፆታዊ ዓመፅግዳያት ማእከል ዝገበረ ግልጋሎት ዝረኽቡሉ ምርግጋጽ፡ ብፍላይ ከኣ ህጻናትን ትሕቲ ዕድመን ፍሉይ ክንክን ክረኽቡ ይግባእ።

- ኣብ ልዕሊ ጥዕና ንዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ተሓታትነትን ፍትሕን ንምድንፋዕ ስጉምትታት ምውሳድ፣ ኮላይ ንኣድማሳዊ ስልጣን (universal jurisdiction) ፍርዲ ዝምልከት ጠለባትን ካልእ መንገድታት ተሓታትነት ብዘባውን ኣህጉራውን ኣብያተ ፍርድን ኮሚሽናትን ኣብ ግምት ዘእቱ ስጉምቲ ክውሰድ ይግባእ።

***ናብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፤***

- ብዛዕባ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ብዝምልከት ዓመታዊ ፀብፃብ ሓዊሱ እዋናዊ ሓበሬታ ምዝርጋሕ፣ ሕሉፍ ግህሰታት ተሓታትነትን ፍትሕን ንምርግጋጽ ከምኡ እውን ተወሳኺ ግፍዒ ንምክልኻል ዝግበር ኣህጉራዊ ፃዕሪ ምሕያል።
- ሃገራዊ መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ብሙሉእ ዓቕሚ እብ ተግባር ምውዓልን ምዕባለታቱ ብምክትታል ምርግጋጽ።
- ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝካየድ ናፃ፡ ግዳማዊ መርመራታት ምድጋፍ።

***ናብ ውድብ ጥዕና ዓለም***

- ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ  ስርዓት ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕትታት ምስናድን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕትታት ዝምልከት መረዳእታን መስርሕ ስርዓተ ምክትታል መጥቃዕቲ ኣብ ስርዓት ጥዕናን ንህዝቢ ምክፋል።

# ኣገባብ መጽናዕቲ

ኣብ መንጎ ሓምለን ጥቅምትን 2024 PHRን OJAHን ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክልላት ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ዓፋር፡ ኦሮምያ ዘለው ጎንፅታትን ኣብ ስርዓተ ጥዕና ኢትዮጵያ ዘስዕቦ ሰፊሕ ፅልዋን ንምስናድ ፅኑዕን ዝተሓዋወሰ ኣገባብ መጽናዕታዊ ፕሮጀክት ኣካይዶም። ብዝሓትን ዓይነትን ዘጠቓልለለ መረዳእታታት ንምእካብ ኣብ ልዕሊ 602 ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ዝተዋደደ ቃለ መሕትት፣ 40 ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝህቡ ቃለ መሕትታትን ኣርባዕተ ናይ ጉጅለ ዘተታትን (ንምሉእ ኣገባብ ተወሳኺ 1 ርአ) ብምግንዛብ ኣወሃሂድዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ መጠንን ስፍሓትን ናይቶም መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ጥዕናን ዕሚቕ ዳህሳስ ኣብ ተሞክሮታት ሰራሕተኛታት ጥዕና ኢትዮጵያ ዓሚቕ መብርሂ ክርከብ ዘኽኣለ'ዩ። ከም ኣካል ንጥፈታቱ ምክትታል ግህሰት ሰብእዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ እናሳዕረረ ዝኸይድ ዘሎ ጎንፅታት ፡OJAH ኣብ ልዕሊ ሰብ ሞያ ጥዕናን ትካላት ጥዕናን ብተዋጋእቲ ኣካላት ከጓንፉ ዝጸንሑ መጥቃዕትታት ካብ ውሽጣዊ መርበብ ተጣበቕቲ ሰብእዊ መሰላትን ካብ ክፉት ምንጪ ናይ ምርመራ ብምጥቃም ይሰንድ ኣሎ፡፡

***ዉጽኢት መጽናዕቲ፥ ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያ ኣብ 2025ን 2026ን ኣብ ትሕቲ መጥቃዕቲ ይርከብ።***

ኣብ ኢትዮጵያ ዕጥቃዊ ጎንፂ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ሕዳር 2020 ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ክልላት ኣምሓራ፡ ዓፋር፡ ኦሮምያ ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ዞባታት ኢትዮጵያ፡ ንሲቪላትን ማሕበረሰባትን ብዕምቆት ዝፀለወ ጎንፂ ኣጋጢምዎም እዩ። ፀብፃባት ሰብኣዊ መሰላት ከምዝሰነድዎ፡ዘተሓሳስብ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ምጥሓስ ሕግታት ኲናት ማለት ዘይሕጋዊ ቅትለት፡ ፆታዊ ዓመፅ፡ ደብዳብ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ብእኩብ ምእሳር ፡ሲቪላውያን ናቑጣታትን ሆስፒታላትን፡ ቤት ትምህርትታት ዕላማ ምግባርን፡ መጥቃዕቲ ትካላት ጥዕናን ፡ ዕፅዋን ሕጽረታት ሰብእዊ ሓገዝ፣ መጓዓዝያ፡ ፋይናንሳዊ ትካላትን ትሕተ ቅርጺ ተለኮሚኒኬሽንን ከምዘጋጠሙ ይሕበር።

ብኢንሴኩሪቲ ኢንሳይት ዝተገብረ ክትትል ከምዘመልክቶ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ጥሪ 2025ን ሚያዝያ 2026ን 89 መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ትካላት ክንክን ጥዕና ተፈፂሙ። እዞም ተሰኒዶም ዘለዉ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ከኣ ደብዳብ ኣብ ሆስፒታላትን ክሊኒካትን፥ ብግዴታ ምእታውን ምስፋርን ኣብ ትካላት ጥዕና፡ ምዕናውን ምፍራስን ሕክምናዊ መጓዓዝያታት፡ ከምኡ'ውን ንተበጻሕነት መድሓኒት ዝጸሉ መጥቃዕትታት ዘጠቓልል እዩ። ካብቶም 89 ዝተሰነዱ ፍጻመታት፡ 23 ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ከምዝተቐተሉ፡ ትሽዓተ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ከምዝቖሰሉ፡ ሸሞንተ ከምዝተጨውዩን 76 ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ ተገሊፁ። ዝበዝሑ ፍጻመታት (64 ወገናት) ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝተሰነዱ እዮም ። ኣብዚ መረዳእታ ቀሪቡ ከምዘሎ ሰነድ ከምዘመልክቶ ከኣ መብዛሕትኦም ኣብ ልዕሊ ጥዕና ዝተፈጸሙ መጥቃትታት ብሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያን (48) ፖሊስ ኢትዮጵያን (11) እዮም።

OJAH ኣብ 2025ን 2026ን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝፍፀሙ መጥቃዕትታት ብርክት ዝበሉ ኣብነታት ሰኒዱ፡ እዚ ድማ ቀንዲ ምልክት ናይቲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝረአ ዘሎ ቅዲ ግህሰታት ኮይኑ፡ እቶም ዝርኣዩ ግህሰታት ከኣ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትካላት ፡ ምዕናው ቀረባት፡ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና፡ ሰብኣዊ ዕጽዋ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ደሞዝ ምቑራጽን ዘጠቓልሉ እዮም።

***ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕና ብቴክኖሎጂታት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝፍጸም መጥቃዕቲ***

ካብ ኣየር ዝፍኖ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ልዕሊ ትካላት ትካላት ጥዕና እናወሰኸ ምምጽኡ፡ እዚ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተራእየ ጎንፂታት ፍሉጥ መለለዪ ኮይኑ ኣሎ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ ካብ 2021 ኣትሒዙ ኣብ ውሽጣዊ ጎንፂታት ቴክኖሎጂ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ምጥቃሙ ንህዝቢ ክገልጽ ጽኒሑ'ዩ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕናን ኣብ ጎንፂ ዘለዎ ቦታ ዝርከቡ ሰራሕተኛታትን መጥቃዕቲ ምፍጻም ብሕጊ ክልኩል እኳ እንተኾነ፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ብምጥቃም ንሰላማውያን ሰባትን ሲቪላዊ ትሕተ ቅርጺ ልምዓትን ዒላማ ምግባር ቀንዲ መለለይኡ ገይ ርዎ ጸኒሑ'ዩ።

መብዛሕትኦም ፍፃመታት ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝተመዝገቡ እኳ እንተኮኑ ኣብ ትግራይ (5)፡ ጋምቤላ (3)፡ ቤኒሻንጉልጉሙዝ (3) ፡ ኣሮሚያ (7) ፡ ኣዲስ ኣበባ (4) ፡ ሲዳማ (1) ፡ከምኡ ውን ኣብ ብሄራት ፡ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ (SNNP)(1) ተመዝጊቦም እዮም ።

ካልኦት ዕጡቓት ኣካላት እውን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና መጥቃዕቲ ከም ዝፈፀሙ ተለልዮም ኣለዉ ፡ ንሳቶም ድማ ፋኖ (7)፡ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይ (3)፡ ሰራዊት ሓርነት ኦሮሞ (3) ከምኡ [እውን ምልሻ / ዘይተፈለጠ ዕጡቕ (7) እዮም።

ኣብ መስከረም 27 / 2025 ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ኣብ ክፍሊ መባእታዊ ክንክን ጥዕና ሳንቃ ወቒዓ። እዛ ትካል ጥዕና ኣብ ክልል ኣምሓራ ርእሰ ከተማ ዞባ ሰሜን ወሎ ወልድያ ብዕስራ ኪሎሜትር ኣብ እትርከብ ከተማ እትርከብ ኮይና፡ ኣገደስትን ህፁፅን ግልጋሎት ጥዕና ብምሃብ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰባት ተገልግል ከምዝነበረት ይፍለጥ። ፀብፃባት ከም ዘመልክትዎ፡ እታ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ንናይ ውሽጢ ተሓከምቲ ክፍሊ እቲ ትካል ጥዕና ከም ዝወቕዐት ይሕብሩ። እቶም ነበርቲ ዕላማ እቲ መጥቃዕቲ ንዝቖሰሉ ተጋደልቲ ፋኖ ዒላማ ዝገበረ ክኸውን ከምዝኽእል ይጥርጥሩ እኳ እንተነበሩ፡ ውጽኢቱ ግን ሓሙሽተ ሰላማውያን ሞት ኣስዒቡ፡ ሓንቲ ካብቶም ግዳያት ከዓ ክትሓርስ ኢላ ናብቲ ትካላት ጥዕና ዝመፀት ኣደ እያ ኔራ። ብተወሳኺ፡ ሓያሎ ሰብ ሞያ ጥዕና ዝርከብዎም 10 ውልቀሰባት ጉድኣት በፂሕዎም። እቲ መጥቃዕቲ ድማ ሰባት ምቕታሉ ጥራይ ዘይኮነ፤ ንትሕተ ቅርጺ ናይቲ ስርዓት ጥዕና ብምዕናው ንመጻኢ ኣብ ጥቕሚ ከምዘይውዕል ገይርዎ። ናይ OJAH ሰነድ ከምዘመልክቶ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ሰራሕተኛታት ሕክምና ነቲ ትካል ጥዕና ምምፃእ ከምዝገደፍዎን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ህይወት ዘድሕን ግልጋሎት ከምዘይረኽቡን ፀብፂቡ። እዚ መጥቃዕቲ ብENDF (ምክልካል ሰራዊት ኢትዮጲያ) ከምዝተፈጸመ'ዩ ዝእመን ምኽንያቱ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ደብዳብ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከምዘካይድ ዝፍለጥ እንኮ ወተሃደራዊ ሓይሊ ስለዝኾነ'ዩ።

ብ11 ለካቲት 2026 ኣብ ኣምሓራ ዞባ ደቡብ ጎንደር ድሕሪ ናይ ሰሙናት ከቢድ ውግእ፡ ሓይልታት ፋኖ ንከተማ ደብረ ታቦር ንምሓዝ ኣብ ዝፈተነሉ እዋን፡ እቲ ጎንጺ ናብ ሰፊሕ ውግእ ተጋዲዱ። ኣብቲ ጎንጺ ኣርባዕተ ሰላማውያን ሰባት ከም ዝሞቱን ሰፊሕ ዕንወት ንብረት ከም ዘስዓበን ይግለጽ። ካብቶም ብሚሊሻታት ፋኖ ዝዓነዉ 20 ትካላት መንግስቲ ከዓ ፡ ክፍሊ ጥዕና እቲ ከባቢ፡ መኸዘናት ቀረብ ሕክምናን ፤ክልተ ኣምቡላንሳትን ይርከብዎም። ከቢድ ዕንወት ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ትሕተ ቅርጽን ትካላት ህጹጽ መጓዓዝያን ተበፃሕነት ናይ ኣገደስቲ ግልጋሎታት ጥዕና ናብ ሓደጋ ዘእተወን ናይ ሰላማውያን ሰባት መሰላትን ድሕነትን ኣብ ሓደጋ ዘእተወን እዩ።

***ንሰራሕተኛታት ጥዕና ዒላማ ምግባር፣ ምፍርራሕን ምቕታልን።***

ኣብ 4 ነሓሰ 2025 ዓ.ም ወተሃደራት ፌደራል ኣብ ክልል ኣምሓራ ከተማ መራዊ ንሓደ ሲቪላዊ በዓል ሞያ ጥዕና ከምዝቐተልዎ ይንገር። እቲ ዝሞተ ሰብ ሓላፊ ማእከል ጥዕና ሪም ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢ መራዊ ዝርከብ ኮይኑ፡ ምስ "ፀላኢ" ይሰርሕ ኣሎ ብዝብል ክሲ ዒላማ ዝተገብረሉ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዕለት 7 ሕዳር 2025 ኣብ ክልል ኣምሓራ ዞባ ምዕራብ ጎጃም ወረዳ ደምበጫ ዙርያ ከተማ ደምበጫ ኣብ ውሽጢ ማእኸል ጥዕና '*ኣንገገ*' ኣብ ስራሕ ዝርከብ በዓል ሞያ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ጥዕና ከምዝሞተ ተሓቢሩ። እቶም ቀተልቲ ከዓ ኣባላት ሓይልታት ፋኖ ምኳኖም ይጥርጠር።

ብ3 ለካቲት 2026 በዓል ሞያ ጥዕና ቤት ጽሕፈት ጥዕና ክልል ኣምሓራ ፡ ኣብ ባህርዳር ብሓይልታት ጸጥታ እቲ ከባቢ ከም እተጨውየን ከምዝተቐትለን ይግለጽ። ንምንታይ ዒላማ ከምዝተገብረሉ ዘይፈለጡ መሳርሕቱ ከምዝበልዎ ምስ መንግስቲ ክልል ኣምሓራ ዝተኣሳሰሩ ኣባላት ጸጥታ ካብ ሚኒስቴር ጥዕና ፌደራል ኣጋይሽ ክቕበሉ ብዝብል ጉልባብ ናብ ቤት ጽሕፈቱ

ብምእታው ነቲ በዓል ሞያ ጥዕና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዮም ንምርመራ ካብ ከባቢ ቤዛወይት ከተማ ባህርዳር ወሲዶሞ። ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰዓታት ሞይቱ ተባሂሉ። ድሕሪ ምእሳሩ፡ ሓይልታት ጸጥታ መንበሪኡ ብምፍታሽ፡ ውልቃዊ ላፕቶፑን ኩለን ኣብ ገዝኡ ዝተረኽባ ሞባይላትን መንዚዖም። ስድርኡ ኣብታ መዓልቲ ድሒሮም ሬስኡ ክወስዱ ከምዝተነግሮም ይንገር።

### *ሕጽረት ተሃድሶን ፍትሕን ንዝለዓለ ጉድኣት ኩነታት ይፈጥር*

ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲታት፡ ኣብቶም ብጎንጺ ዝተሃሰዩ ክልላት ኢትዮጵያ ስርዓት ክንክን ጥዕና ትርጉም ዘለዎ ተሓድሶ ኣይተገብረሎምን። ሓቂ ንምዝራብ፡ ነቲ ስርዓተ ሕክምና ናብ ንቡር ከይምለስን ነቲ ሳዕቤናት መጥቃዕቲ ትካላት ጥዕና ንምንዋሕን ስጉምታት ይውሰዱኣለው፡ ነዚ ንምግባር ከኣ መሰላት ሰራሕተኛታት ጥዕና ምንፃግን፡ ዓለም ለኻዊ ምወላታት ንምሕጋዝ ተሃድሶ ትካላት ጥዕና ምጉዳልን ሓገዝ ንስርዓተ ጥዕና ክልላት - ብፍላይ ከዓ ኣብ ትግራይ - ዘይምህላው፡ ምሕዋይ ስርዓት ጥዕና ዝድግፍ ኣህጉራዊ ምወላ ብምንካይ፡ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ንዞባዊ ስርዓታት ጥዕና ዝድግፍ ደገፍ ዘይምህላው፡ ዝእመሰሉ ስጉምትታት ይውሰዱ ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ንዝተሰነዱ መጥቃዕትታት ክንክን ጥዕና ተኣማንነት ዘለዎ ናይ መሰጋገሪ ፍትሒ ዘይምህላዉ ማለት ተሓታትነት ዘይምህላውን ንስርዓተ ጥዕና ኣብ ሓደጋ ዘአቱ ጽቡቕ ኩነታት ይፈጥር ምህላዉ እዩ።

***ግንቦት 2025 ኣድማ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡*** ግንቦት 2025 ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ጥዕና ዝሓሸ ደሞዝ፣ ኩነታት ስራሕ፣ ዝሓለፈደሞዝ ክኽፈል ብምሕታት ኣድማ ኣካይዶም። እቲ ምቁራጽ ስራሕ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ኣገደስቲ ግልጋሎታት ክንክን ጥዕና ምዝንባዕ ኣስዒቡ። ብዙሓት ወሃብቲ ግልጋሎት ክንክን ጥዕና፡ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ዝፍጸም ጎንፂን መጥቃዕትን፡ ጸቕጢ፡ ሕጽረት ደገፍን፣ ዘይተኸፍለ ደሞዝን ከም ምኽንያት ኣድማ ኣቕሪቦም። ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ መንጎ ጎንፂ፣ ኣብ ዳግመ ህንጸት ዝተበላሸወ ስርዓታት ጥዕና ወፍሪ ዘይምግባር፣ ሰራሕተኛታት ጥዕና መሰረታዊ ግልጋሎት ክህቡ ዘይምኽኣሎምን ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣድማ ምግባርን ንጹር ምትእስሳር ከምዘሎ ገሊጾም። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ኣድማ ዝገበሩ ሰራሕተኛታት ጥዕና ትርጉም ዘለዎ ዝርርብ ስለዘይገበረ፡ ብውሕዱ ምስቲ ኣድማ ዝተኣሳሰሩ 140 ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ጥቅዓት ኣብፂሑን ብዘይፍቓድ ኣሲሩን ብውሑዱ 20 ወሃብቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንብዙሕ ሰሙናት ካብ ንጥፈታቶም ከምዝግለሉ ጌሩ። እቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣድማ ዝካየድ ዘሎ ጭፍጨፋ ኣካል ናይቲ ኣብ 2025ን 2026ን ዝተራእየ ሰፊሕ ቅዲ ምድራት ሲቪላዊ መሰል ን ምፍርራሕን እዩ።

***ኣብ 2025ን 2026ን ምጉዳል ዓለምለኻዊ ምወላ ጥዕና ነቲ ጉድኣት ኣጋዲድዎ፡*** ኣብ 2025 ሃንደበታዊ ምቁራፅ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ዘወሃብ ዝነበረ ልዕሊ 380 ሚልዮን ዶላር ምወላ ጥዕና ኣብ ስርዓተ ጥዕና ኢትዮጵያ ዓብዪ ጽልዋ ኣሕዲሩን ነቲ ጉድኣት ኣጋዲድዎን። ዓለምለኻዊ ምጉዳል ሓገዝ ጥዕና ቀረብ ኣገደስቲ ኣቑሑት ኤችኣይቪ ኣበላሽዩ፣ ተበጻሕነት ኣገልግሎት ጥዕና ናይ ኣዴታትን ህጻናትን ድሩት ገይርዎ፡ ንግዳያት ፆታዊ ዓመፅ ዝወሃብ ግልጋሎት ኣዛቢዕዎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣመጋግባን ክንክን ኣዴታትን ዝኣመሰሉ ግልጋሎታት ከቢድ ጽልዋ ኣሕዲሩ። ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሓሙሽተ ናቑጣታት ግልጋሎት ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ማእከል ግዳያት ስቅያት (CVT)፡ ኣብ እዋን ጎንፂ ንዝተዓመጻ ደቂ ኣንስትዮ ዝወሃብ ዝነበረ ምኽርን ፊዚዮቴራፒን ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ስልጠና ምሃብ ደው ከብል ተገዲዱ። ምጉዳል ዓለምለኻዊ ምወላ ኣብ ግልጋሎት ጥዕና ነቶም ግዳያት ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ሕውየቶም፣ ድሕነቶምን ክብረቶምን ብዝተኣለዩ ግልጋሎታት ብቐጥታ ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ፣ ። ኩሎም ምልክታት እቲ ብሰንኪ ሃንደበታዊ ምቁራጽ ምወላ ዝመጽእ ደረታት

ድሕሪ ሓደ ዓመት እዩ (All indications are that the constraints caused by the sudden suspension of funding persist a year later in)። ብመንጽር ምንካይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ክሳብ ሰነ 2026 ዝተረፉ መደባት ሓገዝ መግብን ምትሕልላፍ ገንዘብን ምወላ ክውዳእን ክዕጾን ዝኽእል ቀጻሊ ሓደጋ ኣሎ፣ እዚ ድማ ብዛዕባ እቶም ብጎንፂ ዝጽለዉ ማሕበረሰባት ስክፍታታት የልዕል።

***ኣብ 2026 ስርዓት ጥዕና ትግራይ ኣብ ምገም ምፍራስ ይርከብ :*** ኣብ መጋቢት 2026 ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ብሰንኪ ከቢድ ሕጽረታት ነዳዲ፣ መድሓኒትን፣ቐረባትን፣ ከምኡ እውን ድሩት ፋይናንሳዊ ኣቕርቦትን፡ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ኣብ ቀረባ እዋን ስልታዊ ምፍራስ ኪጋጥሞ'ዩ ብምባል ህጹጽ ጻውዒት ኣቕሪቡ ነይሩ። ሰበስልጣን ትግራይ ካብ ወርሒ ጥሪ 2026 ጀሚሩ ናብ ትግራይ ነዳዲ ምቕራብ እገዳ ከምዝነበረን እዚ ድማ ንሕክምናዊ መጓዓዝያን ኣቕርቦት ክንክን ጥዕና ከቢድ ጽልዋ ከምዘእተዎን ጥዕናዊ መጓዓዝያ፡ ኣምቡላንሳት፣ ንክታበት ዝኸውን ዝሑል መዕቀቢ መሳርሒ ዘይምህላው ኣስዒቡ። ብተወሳኺ ቢሮ ጥዕና ትግራይን ሰብኣዊ ትካላትን ከቢድ ሕጽረት መድሓኒትን ናውቲ ሕክምናን ከምዘጋጠመን፣ ከም ውጽኢቱ ድማ  ሕፅረት ቀረብን  ፣ ኣድላዪ ኣሰራርሓታት ምድንጓይን፣ ምኽዛንን ከምዘስዕብ ይሕብሩ።  ኣብ መወዳእታ፡ ሰራሕተኛታት  ጥዕና ካብ ጥሪ 2026 ጀሚሮም ብዘይ ደሞዝ ይሰርሑ ከምዘለው ተሓቢሩ።

ኣብ ኩሎም እዞም ፍጻመታት፡ መጥቃዕቲታት ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ትካላት ጥዕና፡ ቀረባት ሕክምና፡ ከምኡ'ውን መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰፊሕ ስርዓታት ደገፍ፡ (and broader systems of support) ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝፍጸም ዘሎ ቀጻሊ ዓመጽን ስግኣታትን ነዞም ገበናት ፍትሒ ወይ ተሓታትነት ዘይብሉ ቅዲ ዘንጸባርቕ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኢትዮጵያ  ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ይስነዱ ከምዘየለዉ ብርኡይ ንዕዘብ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብዚ እዋን'ዚ ንኢትዮጵያ  ልዕሊ ስርዓት  ጥዕና ንዝፍጸሙ መጥቃዕቲ ኣብ ኣብ ስርዓተ ምክትታልኣየእትዋን።

## *ዝተረኽበ ወጽኢት፡* ህሉው ኩነታት ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ ጥቅምቲ 2024 ዝተሰነደ ቅዲ ዝተኸተለ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓተ ጥዕና ዘንጸባርቕ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕቲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ኢትዮጵያ ዝዋፈር ዘሎ ቀጻልን ሰፊሕን ሜላ ጎንጺ ኮይኑ፡ ማሕበረሰባት ንምርግጋእን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝበጽሐ ጉድኣት ንምውሳክን ንጹር ዕላማ ዘለዎ'ዩ።  ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ስርዓት ጥዕና ዝፍጸም ዘሎ ኣገባብ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ምሉእ ትግራይኩናት፡ ካብ ሕዳር 2020 ጀሚሩ፡ ብሰፊሑ ተሰኒዱ፡ ኣብ ካልኦት ክልላት፡ ካብ 2021ን 2022ን ጀሚሩ ድማ ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራን፡ ኣብ ክልል ዓፋርን፡ ዓመጽ እናወሰኸ ከምዝኸደ ዝኸይድ ዘሎ ቅዲ መጥቃዕቲ ዘንጸባርቕ እዩ።

ዋላ'ኳ ጎነፂ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ጽልዋ እንተሃለዎ፡ ኣብ ቅዲ'ቲ መጥቃዕቲ ግን ተመሳሳልነት ከምዘለዎን እቲ ጽልዋ ተመሳሳሊን ቀጻልን እዩ።  ስርዓታት ጥዕና ዒላማ ተገይሩን ተበላሽዩን ወይ ተደምሲሱን፣ ሰራሕተኛታት ጥዕና ተጎዲኦምን ምፍርራሕ ወሪድዎምን፡ ከም መድሓኒታት፣ ቀረባት፣ መሳርሕታትን ቴክኖሎጂታትን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ግብኣታት ጥዕና'ውን ተገፊፎም - ኣብ መወዳእታ ድማ ዝተጎድኡ ውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን ኣብ እዋን ጎንፅን ድሕሪ ጎንፅን ኣድላዪ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ ከምዘይክእሉ ገይርዎም።

**ሰሌዳዊ/ግራፋዊ መግለጺ ናይ ዳህሳስ ዓመፃዊ መጥቃዕትን ምፍርራሕን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና - ሰለስተ ቀንዲ ዓይነታት ዓመፅ/ምፍርራሕ ኣብ ክልላት**

| **መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ኣብ ኢትዮጵያ (ምንጪ፡ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ጥዕና)** | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ተሳተፍቲ ካብ ዓፋር (n=30), ፐርሰንት (%)** | ኣካላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጺ ትካላት ጥዕና (መጥቃዕቲ ድሮን፡ መጥቃዕቲ ቦምባ፡ ደብዳብ ከቢድ ብረት፡ ምቅጻል…ወዘተ)<br><br>**18, 60%** | መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ትካል ጥዕና<br><br>**15, 50%** | መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ጥዕና ናብ ማሕበረሰቦም እናተንቀሳቀሱ ግልጋሎት ዝህቡ<br><br>**13, 43.3%** | መጥቃዕቲ ወይ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ኣምቡላንሳት<br><br>**13, 43.3%** |
| **ተሳተፍቲ ካብ ኣምሓራ (n=61), ፐርሰንት (%)** | መጥቃዕቲ ወይ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ኣምቡላንሳት<br><br>**36, 59%** | ኣካላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጺ ትካላት ጥዕና (መጥቃዕቲ ድሮን፡ መጥቃዕቲ ቦምባ፡ ደብዳብ ከቢድ ብረት፡ ምቅጻል…ወዘተ)<br><br>**34, 55.7%** | መጥቃዕቲ ወይ ዕንወት ኣብ ቀጽሪ ወይ ጥቓ ትካላት ጥዕና ዝርከብ መንገዲ<br><br>**22, 36.1%** | |
| **ተሳተፍቲ ካብ ትግራይ n=509), ፐርሰንት (%)** | ስርቂ ወይ ዘረፋ ትካል ጥዕና<br><br>**n = 348, 68.4%** | መጥቃዕቲ ወይ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ኣምቡላንሳት<br><br>**n = 332, 65.2%** | መጥቃዕቲ ወይ ዕንወት ኣብ ቀጽሪ ወይ ጥቓ ትካላት ጥዕና ዝርከብ መንገዲ<br><br>**n = 332, 65.2%** | ዕጡቓት ንማዕከል ጥዕና ምቁጽጻርን ምስፋርን<br><br>**n = 319, 62.7%** |

| ተሞኩሮ ምፍርራሕ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ጥዕና ኣብ ኢትዮጵያ (ምንጪ፡ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ጥዕና) | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ተሳተፍቲ ካብ ዓፋር (n=30), ፐርሰንት (%)** | ሕጽረት ወይ ስእነት ጽሩይ ማይ<br><br>**n = *24, 80%*** | ሕጽረት ሕክምናዊ ቀረባት **n=_23, 76.7%** | ሕጽረት ርእሰ-ማላዊ ባጀት (ንመኽፈሊ ደሞዝ...ወዘተ) **n=20, 66.7%** | |
| **ተሳተፍቲ ካብ ኣምሓራ (n=61), ፐርሰንት (%)** | ሕጽረት ሕክምናዊ ቀረባት **n=_49, 80.3%** | ሕጽረት ወይ ስእነት ጽሩይ ማይ<br><br>**n= 39, 63.9%** | ምቁራጽ ቀረባዊ ሰንሰለት<br><br>**n= 39, 63.9%** | ምቁራጽ ትሕተ ጽርጺ መራኸቢታት (ቴለፎን ወይ ኢንተርነት)<br><br>**n= 38, 62.3%** |
| **ተሳተፍቲ ካብ ትግራይ n=509), ፐርሰንት (%)** | ሕጽረት ሕክምናዊ ቀረባት **n=_*480, 94.3%*** | ምቁራጽ ቀረባዊ ሰንሰለት<br><br>**n= 461, 90.6%** | ሕጽረት ወይ ስእነት ጽሩይ ማይ<br><br>**n= 457, 89.8%** | |

**ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕናን ትሕተ ቅርጽን**

ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጹ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ትካላትን ስርዓታትን ጥዕና ቀጥታዊ ዒላማ ዓመጽ ምዃኖም ገሊጾም፡ እቶም መጥቃዕቲታት ከዓ ብኣጋጣሚ ዝተፈጥረ ዕንወት ዘይኮነስ ኮነ ኢልካ ንሲቪላውያን ማእከላት ጥዕና ብውሕጅ ዝመስል ዝተፈጸመ መጥቃዕትታት እዮም። ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ኮነ ኢልካን ስትራተጂካውን ዝመስል ዓመጽን ምፍርራሕን ከምዝነበረ ገሊጾም። መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ሰባት ሱቕ ኢሎም ብቐጽርታት ማእከላት ጥዕና ኣይሓልፉን ወይ ኣትዮም ኣይወጹን፡ እንታይ ደኣ እቶም ማእከላት ጥዕና ንካልእ ግዜ ንማሕበረሰብ ግልጋሎት ከምዘይ ህቡ ጌሮም ብንጥፈት የዕንውዎምን እምበር ግዝያዊ ምቁራጽ ግልጋሎት ከምዘጋጥሞም ኣይኮኑን ዝገብርዎም።

ኣብ ትግራይ ቃለ መሕትት ዝተገበረሎም ሰራሕተኛታት ጥዕና እቲ ጉድኣት ሰፊሕን ከቢድ ሳዕቤን ከምዝነበሮን ገሊጾም። ኣካላዊ ትሕተ ቅርጺ ትካላት ክንክን ጥዕና ከም ህንጻታትን ግልጋሎታት ማይ፡ ኤለክትሪክን ካልኦትን ሰፊሕ ዕንወት ወሪድዎም፡ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዝያዳ ተዳኺሙ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ትካላት ስራሕ ከምዘይሰርሑን ገይርዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ እቲ ማሕበረሰብ ብዘይ ተግባራዊ ንጥፈታት ክንክን ጥዕና ተሪፎም። ሓደ መኮነን ጥዕና ከም ዝገለጾ።

*"ብዙሓት ማእከላት ጥዕናን ሆስፒታላትን ጉድኣት በጺሕዎም። እቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት ናውቲ ሕክምና ዘሚቶም፡ ነቲ ሕብረተሰብ ዳግማይ ንኸየገልግሉ ኮነ ኢሎም ነቲ ትካላት ኣዕንዮም። ህንጻታት ኣፍሪሶም፡ ማዕጾታት ኣፍሪሶም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዕንወት ተግባራት ተዋፊሮም እዮም።"* (መኮነን ጥዕና ካብ ትግራይ)

*"ዕጡቓት ጎቢጦም ዝሓዝዎም ሆስፒታላት ብተደጋጋሚ ዕንወት በጺሕዎም'ዩ። ዋላ ናይ መጥባሕቲ ክፍልታት ፈሪሶም፡ መዛግብቲ ሕክምና ድማ ተቓጺሎም።"* (ሓኪም ካብ ትግራይ)

ኣብ ኣምሓራ ሰራሕተኛታት ጥዕናን፣ ትሕተ ቅርጺ ዕንወት ትካላት ክንክን ጥዕና ምስ ኣጋጠመ ግልጋሎት ክህብ ከምዘይክእል ምስ ፈለጡ፡ ተጣቢቦም ካብቲ ትካላት ወጻኢ ክሊኒካዊ ግልጋሎት ክህብ ከምዝፈተኑ ገሊጾም። ኣብ ሓደ ጉጅለ ተዛተይቲ ከምዝገለጽዎ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብሰንኪ ዝወረደ ዕንወት ቀረብ ግልጋሎት ጥዕና ካብቲ ማእከል ጥዕና ወጻኢ ናብ ደገ ከምዝግዓዝዎ ገሊጾም።

*"ብሰንኪ እቲ ኲናት፡ ኣብ ትካላት ሕክምና ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ መብዛሕቲኦም ንብረታት ዓንዮም። ሕክምና መውሃቢ ውን ኣይነበረናን። ብዙሓት ኣባይቲ ስለዝተቓጸሉ፡ ኣብቲ ብመንግስቲ ዝተሰገሰ ቴንዳታት ተጠቒምና ኣብ ደገ ግልጋሎት ሕክምና ክንህብ ጀሚርና።"* (ሓኪም፡ ካብ ጉጅለ ተዛተይቲ ኣምሓራ)

### ***ህላወ ዕጡቓት ጉጅለታት ንሃዋህው ጥዕና ክንክን ይቕይሮ***

ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ዕጡቓት ተዋጋእቲ ኣብ ሆስፒታል ብስሩዕ ከምዝርከቡ ኣካፊሎም። ህላወ ዕጡቓት ሓይልታት፡ እንተስ ነቲ ትካል ጥዕና ንወተሃደራዊ ዕላማታት ኣብ ዝሓዘሉ እዋን፣ ወይ ድማ ንዝቖሰሉ ተዋጋእቲ ክንክን ኣብ ዝደልዩሉ እዋን፡ ትካላት ጥዕና ናብ ናይ ሲቪሊያን ምፍርራሕን ዝለዓለ ስግኣትን ቦታታት ይቕቀይርወን። ትካላት ጥዕና ከም ገለልተኛ ቦታ ስለዘይራኣዩን እዚ ድማ ማእከላት ጥዕና ዕላማ ንምግባር ኣበርክቶ ስለዘለዎ ሰራሕተኛታት ናብ ስራሕ ምምጻእ ድልየታቶም ስለዝቀነሰ ተሓከምቲ ዉን ኣብቲ ማእከላት ጥዕና ግልጋሎት ከምዘይረኽቡ ገይርዎም።

ኣብ ትግራይ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ከምዝገለጽዎ ህላወ ዕጡቓት ኣብ ትካላት ጥዕና ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ቀጥታዊ ሳዕቤን ከምዘለዎን ናብቲ ትካላት ክንክን ንምምጻእ ዕንቅፋት ከምዝፈጥረሎምን ብምግላጽ፡ ተሓከምቲ ዉን ምምጻእ ናብ ትካል ጥዕና ፣ኣደዳ ምቅላዕ፡ ምክትታልን ወይ ሕነ ምፍዳይን ከይኮኑ ይፈርሑ ነይሮም። እዚ ዕንቅፋት'ዚ ዋላ ዕጡቓት ሓይልታት ካብቲ ከባቢ ማሕበረሰብን ትካላት ጥዕናን ምስ ወጹ'ውን ቀጺሉ እዩ።

*"ኣብ ሆስፒታላት ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት ዕጡቓት ብኣርባዕተ ኣንፈት ኣጽዋር ሒዞም ምህላዎም ስራሕ ምስራሕ ከምዘይከኣል ገይርዎ። እቲ ሆስፒታል ዒላማ ኮይኑ፣ ሰራሕተኛታት ድማ ናብ ስራሕ ንምምጻእ ኣዝዮም ፈሪሖም።"* (በዓል ሞያ ስነ-ኣእምሮ ኣባል ጉጅለ ተዛተይቲ ትግራይ)

*"ኣብዚ ብዙሓት ዕጡቓት ነይሮም፡ እቶም ግዳያት ነዞም ዕጡቓት ይፈርሑ ነይሮም ። እቶም ጥቖዓት ዝፈጸሙሎም ዳግማይ ከይረኽብዎም ም ብምፍራሕ ናብዚ ትካል ኣይመጹን ኔሮም።"* (ሓላፊ ጉዳይ ተሓከምቲ ካብ ትግራይ)

*"ኣብ ፈለማ ግዳያት ብሰንኪ ህላወ ዕጡቓት ሓይልታት ጸላኢ ኣብ ትካላት ጥዕና ንሕክምና ንምምጻእ የድሓርሕሩ ነይሮም። ብዙሓት ሰባት እዞም ትካላት ጥዕና ከም ወተሃደራዊ መዓስከራት ይጥቀሙሎም ከይህልዉ ስግኣት ነይርዎም። ዋላ እቶም ሓይልታት ጸላኢ ምስ ወጹ'ውን ብሰንኪ እቲ ዝቐጸለ ዝነበረ ጎንፅን ስግኣት ጸጥታን እቶም ግዳያት ናብቲ ትካል ክመፁ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን።"* (በዓል ሞያ ጥዕና ካብ ትግራይ)

ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ጎነፂ ኣብ ልዕሊ ኣምቡላንሳትን ጉጅለታት ትራንስፖርት ሕክምናን ብርክት ዝበሉ መጥቃዕትታት ይፍጸሙ ስለ ዝነበሩ ስርዓት ትራንስፖርት ተጠቂምካ ናብ ትካል ጥዕና ምኻድ ተወሳኺ ስግኣት ፈጢሩ። ኣብ ኣምሓራ ሓደ ሰራሕተኛ ጥዕና ተመሳሳሊ ተሞክሮ ኣካፊሉ።

*"ብኣምቡላንስ ሕሙም ክነምጽእ'ውን ክንከይድ ኣይንኽእልን ነይርና ምኽንያቱ ንሳቶም (እቶም ዓምጽቲ/ሓይልታት ሕወሓት) 'ንካልኣይ ግዜ እንተተመሊስኩም ክቕትለኩም እየ' ይብሉ ስለዝነበሩ፡ ስለዚ መራሕቲ ኣምቡላንስ ይፈርሑ ኔሮም ።"* (ሓላፊ ጥዕና ካብ ተሳተፍቲ ጉጅለ ዘተ ኣምሓራ)

***ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕትን ምፍርራሕን።***

ኣብ ኩለን ክልላት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ግዳያት ዓመጽ ምፍርራሕን ወይ ከዓ ካልኦት ሰባት ዓመጽ ምፍርራሕን ክበጽሖም ከሎ ብኣካል ዝራኣዩ እዮም ኔሮም ፡ ከምኡውን ኣብ ስራሕ ቦታ ምግዳድ፣ ክሳብ ሞት ክስዕብ ዝኽእል መጥቃዕቲ ይበጽሖም ከምዝነበረ ይገልጹ። ካብ ዓፋር፡ ኣምሓራን ትግራይን ዝመጹ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ድሕሪ ቀጥታዊ ዓመጽ፡ ዓመጽ ምርኣይ ዘስዕቦ ሳዕቤን ጥዕና ኣእምሮን ካልኣዊ ስንባደን፡ ከምኡ'ውን ዘይተከፈለ ደሞዝን፣ዝጠፍአ ካልእ ጸጋታትን ዘስዕቦ ዝጭበጥ ቁጠባዊ ጽልዋታት ክሳብ ሕዚ ይቃለሱ ከምዘለዉ ኣካፊሎም።

[ግራፊክ ናይ መጽናዕቲ መልስታት-ሰራሕተኛ ጥዕና ዕላማ ምግባር]

**ብሰንኪ ሰራሕተኛታት ጥዕና ምዃኖም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረ ጎነፂ ዒላማ ከም ዝተገብሩ ወይ ዓመጽ ከም ዘጋጠሞም ዘመልከቱ ሰራሕተኛታት ጥዕና**

| | ኩሎም ክልላት | | ዓፋር | | ኣምሓራ | | ትግራይ | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | **n** | **%** | **n** | **%** | **n** | **%** | **n** | **%** |
| **ተሳተፍቲ** | 602 | - | 30 | | 61 | | 509 | |
| አወ/ኣጋጢሙኒ | 167 | 27.70% | 10 | 33.30% | 4 | 6.60% | 153 | 30.10% |
| ኣይፋል/ኣየጋጠመንን | ***435*** | ***72.30%*** | ***20*** | ***66.70%*** | ***57*** | ***93.40%*** | ***356*** | ***69.90%*** |

**ብሰንኪ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምዃኖም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረ ጎነፂ ዒላማ ዝገበሩ ወይ ዓመጽ ዘጋጠሞም መሳርሕቶም ከምዘለዉ ዘመልከቱ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡**

| | **ኩሎም ክልላት** | **ዓፋር** | **እምሓራ** | **ትግራይ** |
|---|---|---|---|---|

| | N | % | n | % | n | % | n | % |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ተሳተፍቲ** | 602 | - | 30 | | 61 | | 509 | |
| አወ/ኣጋጢሙኒ | 268 | 44.50% | 12 | 40% | 14 | 23% | 242 | 47.50% |
| ኣይፋል/ኣየጋጠመንን | ***334*** | ***55.50%*** | ***18*** | ***60%*** | ***47*** | ***77%*** | ***267*** | ***52.50%*** |

ኣብ ትግራይ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታላትን ከባቢኡን ዝፍጸም ተኹስን ምፍርራሕን ከምዝነበረን፡ ኣብ ትካላት ወይ ኣብ ጥቓ ትካላት ወይ ድማ ክንክን ኣብ ዝወሃበሉ እዋን ዝፍጸም ቅትለት ከምዝነበረ ገሊጾም።

*"ሓደ ፋርማሲስት ነይሩ ብጥይት ተሃሪሙ፣ ኣብ ኣፍደገ ሆስፒታል ብጥይት ተሃሪሙ...ተደጋጋሚ ግዜ ብጥይት ስለዝተተኮሰሉ ነቲ ምፍሳስ ደም ደው ከነብሎ ኣይከኣልናን።"* (ሓላፊ ጥዕና፥ ተሳታፊ ጉጅለ ተዛተይቲ ትግራይ)

ኣብ ኣምሓራ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ግልጋሎት ክንክን ጥዕና ስለዝሃቡ ዓመጽ፡ ጥርጣረ፡ መቕጻዕቲ ከም ዘስዓበሎም ገሊጾም። ንሓደ ወገን ሓጊዝካ ኢልካ ምሕታት፣ ምቕጥቃጥ፣ ምእሳር ወይ ምኽሳስ ናይ ፍርሒ ሃዋህው ፈጢሩን ነቲ ክሊኒካዊ ግልጋሎት ዝህቡሉ ዝነበሩ ሃዋህው ካልእ ቅርጺ ኣትሒዝዎ።

*"ክንክን ክንገብር ከለና ብዛዕባ ንጥፈታትና ብዙሕ ግዜ ሕቶታት ይቐርበልና ነይሩ፡ ከምኡ'ውን ገለ ፍጻመታት ዓመጽ ከም መግረፍቲ ዝገጥሙና ነይሮም። ክንሕግዝ ኣብ እንፍትነሉ እዋን፡ ንምንታይ ነዚ ወገን ኢና ክንሕግዝ እምበር ነቲ ካልእ ወገን ኣይንሕግዝን ዝብል ተወሳኺ ሕቶታት ኣጋጢሙና'ዩ፡ ኣብ ገለ ጉዳያት'ውን ማእሰርቲ የጋጥመና ነይሩ።"* (ነርስ፡ ትሳታፊት ጉጅለ ተዛተይቲ ኣምሓራ)

*"መሳርሕትና ኣብ ሆስፒታል ተኣሲሮም፡ ወተሃደራዊ ተሓባበርቲ እዮም ተባሂሎም ተጠርጢሮም ንሞት ተፈሪዶም። ብሰንኪ ዝፈልጥዎም ኣዕሩኽ ጥራይ እዮም ተፈቲሖም። ገለ ካብ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽትና'ውን ተኣሲሮም፡ ሓለፍትና ከይተረፈ ተኣሲሮም። ኣብ ደገ ብምህላዎም ጥራይ ሕቶታት ቀሪቦምን ተኣሲሮምን።"* (መሕረሲት ካብ ኣምሓራ)

*"ገለ ሰራሕተኛታት ጥዕና ብፍላይ መድሓኒት ከቕርቡ ኣብ ዘይክእሉሉ እዋን መጥቃዕትን ምፍርራሕን ይበጽሖም ነይሩ። "* (ሓላፊ ጥዕና ካብ ኣምሓራ)

ኣብ ዓፋር፡ ሓደ ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና ከምዝተዛረቦ፡ ምፍርራሕ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ጥዕና ሞይኦም ክገድፉ ስለ ዘገድዶም ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ሓይሊ ሰብ ናይ ጥዕና በዓል ሞያ ገዚፍ ብድሆ ከምዝፈጠረ ሓቢሩ።

*"ገለ ካብቶም ሰብ ሞያ ጥዕና መጥቃዕቲ ከይበጽሖም ወይ ግዳይ ዓመጽ ከይኮኑ ብምፍራሕ ተመዛቢሎም፡ እዚ ድማ ኣብ እዋን ጎነፂ ሕጽረት ሓይሊ ሰብ ኣስዒቡ።"* (መኮንን ጥዕና ካብ ዓፋር)


ኣብ ኩለን ዞባታት፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ከም ዝገለጽዎ ብሰንኪ ምቅላዕ ናብ ኲናት ዝተኣሳሰር ዓመጽን ስቓይን፡ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ስርዕት ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ጥዕና ምፍርራሕን ዓመጽን ድሕሪ ምቅላዕ፡ ምሸቁልቋል ስነ-

ኣእምሮኣዊ ጥዕና ከምዘጋጠሞም ገሊጾም። ማህሰይቲ ቀጻሊ እዩ ነይሩ፣ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ከቢድ ጭንቀት (ቅዛነት)፣ ልዑል ተነቃፊ ምኳን፣ ጣልቃ ዝኣቱ ዝኽርን፡ ምጉዳል ትኹረትን ከምዘጋጠሞም ገሊጾም።

*"ኣብቲ ኩናት ዝጀመረሉ ግዜ ኣብ ዝተኣሰረሉ እዋን ኣትሒዘ ብስነ-ኣእምሮ ተሃስየ እየ። እቲ ዝኸበደ ጽልዋ፡ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት ኣማዕቢለ ኣለኹ እቲ ምኽንያት ከኣ ንሱ [ሰብኣየይ] ብህይወት ኣሎ ድዩ ሞይቱ ክሳብ ሕዚ ስለዘይፈልጥ፡ ። ናይ ኣእምሮ ኩነታተይ ጥዑይ ኣይኮነን ዘሎ፣ ከምቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ኣይኮንን።"* (ሓላፊ ጉዳይ ተሓካሚ ካብ ትግራይ)


**መለከዒ ሞያዊ ብቕዓት ህይወት (ProQol)**

እዚ ሞያዊ ብቕዓት ህይወት (ProQol) መሳርሒ ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ኣምሓራን ዓፋርን ንዝርከቡ 593 ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 30 መዓልቲታት ህልው ደረጃ ዕግበት፥ ርህራሄ፣ ጽንቃቐ፡ ካልኣዊ ማህሰይቲ ንምግምጋም፣ ሰለስተ ዓቐናት ማለት ትሑት፣ ማእኸላይ ወይ ልዑል ደረጃ ብምክፍፋል ተዋሂቡ። እቲ ProQOL ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰብ ሞያ ጥዕና ዘስዕቦ ጎንፅን ዓመጽን ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዘለዎ ጽልዋ ብዕምቆት ንምርዳእ ኣኽኢሉ።




ብሓፈሻ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ማእከላይ ደረጃ ጽንቃቐ (burnout) ከምዘለዎም ዝገለጹ ኮይኖም፡ 571 (96 ሚእታዊት) ካብ 23 ክሳብ 41 ነጥቢ ከምዝረኸቡ ተገሊጹ።

ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ልዑል ደረጃ ዕግበትን ርህራሄን ዘርኣዩ ኮይኖም፡ 404 (68 ሚእታዊት) ማእከላይ ዕግበት ከምዘለዎምን 185 (31 ሚእታዊት) ድማ ልዑል ዕግበት ከምዘለዎምን፣ ብሓፈሻ ስርሖም ካብ ምፍጻም ዝረኽብዎ ካብ ማእከላይ ክሳብ ልዑል ምፍጻም ዘመልክት እዩ። ማእከላይ ደረጃ ካልኣዊ ደረጃ ጸቕጢ ስንባደ ብ523 (88 ሚእታዊት) ሰራሕተኛታት ጥዕና ተገሊጹ።




ክልላት ዘቑጸርዎ ነጥብታት ከነናጻጽሮ እንከለና ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምስቶም ኣብ ኣምሓራን ዓፋርን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ልዑል ካልኣዊ ደረጃ ስንባደ ዝፈጥር ጸቕጢ ከም ዘለዎም እቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልይ (Odds Ratio ≈ 0.11, p < 0.001) የመልክት። ዓቀን ዕግበት ርህራሄ ኣብ ክልላት ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ምስ ናይ ትግራይ ክነጻጸር እንከሎ፡ ኣብ ኣምሓራን ዓፋርን ዘለዉ ተሳተፍቲ ኣዝዩ ዝለዓለ ናይ ርህራሄ ዕግበት ነጥብታት (Odds Ratio = 4.93 and 3.76, respectively, p < 0.01) ከምዘለዎም ንዕዘብ።

እዚ ዞባዊ ትንታነ ከም ዘመልክቶ ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምስ ካልኦት ክልላት ክነጻጸር እንከሎ ዝለዓለ ካልኣዊ ስንባደ ዝፈጥር ጸቕጥን ዝተሓተ ዕግበት ርህራሄን ከምዘለዎም ይእንፍት። ኣብ ትግራይ ዝተወስደ ዓቕን ድሕሪ ክልተ ዓመት ምቁራጽ ተጻብኦታት እኳ እንተኾነ፡ እዚ ውጽኢት ግን ኣብ ትግራይ ዝነበረ ጎነፂ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ዘለዎ ጽልዋን፡ ዋላኳ ቀጥታዊ መጥቃዕትታት ደው እንተበሉ፡ እዞም ዝቕጽሉ ዘለዉ ስግኣታት ኣብ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕናን ዘለዎ ናይ ነዊሕ እዋን ሳዕቤን ንምግላጽ ይሕግዙ።

### *ስርቅን ሕጽረታትን ናውቲ ሕክምናን*

ኣብ ኩለን ዞባታት ዝርከቡ መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት ከምዘመልከትዎ፡ ኣብ ትካላ ጥዕና፡ ስርቂ፡ ምዝማት፡ ዕንወትን ሕጽረት ቀረብ ሕክምናን ምቁራጽ ወሰንቲ ፍሰት ቀረብን ከምዘጋጠሞምን፡ እዚ ድማ ኣብ ነዊሕ እዋን ዓቕሚ ንጥፈታት ክንክን ጥዕና ከምዝነከዮን፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ትካላት ክንክን ጥዕና መሰረታዊ ድሌታት ከይተረፈ ከማልኣ ከምዘይከኣላ ኣመልኪቶም። ኣብ ኩለን ክልላት፡ ዋላ'ኳ ህንጻታት ጠጠው ኢሎም እንተተዓዘብናዮም፡ ብሰንኪ ሕጽረት መሰረታዊ መሳርሕታትን ቀረብን ኣገልግሎት ምሃብ ዘይከኣል ኮይኑ'ሎ።

### ሰሌዳ ናይቶም ብተለምዶ ብHCWs ኣብ እዋን ዳህሳስ ከም ዝጠፍኡ ዝተሓበሩ ቀረባት

- ኣገልግሎት መድሓኒት
- ናይ ጾታዊን ወሊድን ኣቑሑትን ናይ ምክልኻል ኤችኣይቪን STIን፡ መርመራን መሐከምን ኣቑሒት

- ንቖጻሊ ምሕደራ ሕዱር ሕማማትን ኩነታት ጥዕና ኣእምሮን ዝኸውን ቀረብ
- ናይ ላቦራቶሪ እቑሑት
- ንጽሬትን መከላኸሊን ዘገልግሉ መሳርሕታት
- ናይ ምስላዊ መመርመርን ንክሊኒካዊ ገምጋም ዘገልግሉ መሳርሒታት
- ዝተፈላለዩ ኣቑሑ
- ናይ ገዛን ቤት ጽሕፈትን እቑሑት
- ናይ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ መሳርሒታት
- መጓዓዝያ፡ ኤሌክትሪክ፡ መግቢ፡ ማይ

ኣብ ትግራይ ሓደ ሓላፊ ጥዕና ከምዝገለጸ፡ ስርቂ ምስ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣካላዊ ትሕተ ቅርጽን ሰፊሕ ክሳራ መሳርሕታትን ቀረብን ተደሚሩ ቅጽበታዊ ሳዕቤን ኣብ ልዕሊ ንጥፈታት ክንክን ጥዕና ከምዘለዎ ሓቢሮም።

*"እቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት፡ ዳግማይ ነቲ ሕብረተሰብ ከየገልግሉ፡ መሳርሒታት ሕክምና ዘሚቶም፡ ኮነ ኢሎም ድማ ነቲ ትካላት ኣዕንዮምዎ.... ቃል ብቃል ካብ ሓካይም ከም ዝሰማዕክዎ፡ ሓካይም ሕሙማት ንክሕክሙ ካብ ገዝኦም መንበር ሒዞም ከምዝመጹ ዝገልጽ ጸብጻብ ሰሚዐ ኣለኹ።"* (ሓላፊ ጥዕና ካብ ትግራይ)

ኣብ ትግራይ ዝምታን ዕንወትን መሳርሕታት ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን ዕጽዋ ሰብኣዊ ሓገዛት ኮላይ ዕጽዋ ቀረባት ሕክምና ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2021 ጀሚሩ ክሳብ ሚያዝያ 2022 ዓ.ም. እኳ እንተነበረ፡ ክሳብ ሐዝ'ውን ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣዝዩ ውሑንዩ ዘሎ። እዚ ብሃገራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተገብረ ዕጽዋ ኣብ መጓዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ባንክን ሰብኣዊ ቀረባትን ከቢድ ጽልዋ ስለ ዘሕደረ፡ ነቶም ዝተሰርቁን ዝዓነዉን ቀረባት ክንክን ጥዕና ንምትካእ ዘይከኣል እኳ እንተዘይኮነ ንምትክኦም ግን ኣዝዩ ኣጸጋሚ ጌርዎ'ሎ።

*ዋላ ቀረብ መድሓኒት ኤችኣይቪን መሰረታዊ መድሃኒታትን ተዘሚቱ፡ ሕሙማት ኣድላዪ ሕክምና ከይተገብረሎም .... ብፍላይ ኣብቲ ዝሓለፈ ኩናት [2022] ፡ እቲ ኣብኡ ዝነበረ መድሓኒት ተሰሪቑ፡ ተሰቢሩ፡ ዓንዩ። እቲ ሆስፒታል ድማ መሊሱ ዓንዩ። እተን ዘይመንግስታውያን ትካላት ቀረብ ከቕርባ ኣብ ዝፈተናሉ እዋን እውን እንተኾነ ኣብ መንገዲ ተዓጽዩ ነይሩ.... ኣብቲ እዋን ብዙሓት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ዝሓመማ ደቂ ኣንስትዮ ነይረን። ኣሸንኳይዶ ካልእ መድሃኒታት፡ ዋላ ንተጠቀምቲ መድሓኒት ኤችኣይቪ፡ እቶም መድሃኒታት ክሳብ ቀረባ እዋን ጠፊኦም ነይሮም።"* (ሓላፊ ጉዳይ ተሓከምቲ ካብ ትግራይ)

ኣብ ዓፋር፡ ሓደ ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና፡ መሳርሕታትን ቀረብን ክልቲኡ ብኸመይ ከም ዝውሰድ ገሊጹ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ብሕጽረት መድሓኒት ዝተላዕለ ንሰብ ሞያ ጥዕና ካብ ሕሙማት ዓመጽ ናይ ምብጻሕ ሓደጋ ከየጋጥሞም ስግኣት ከምዘለዎም ኣካፊሎም።

*"ገለ ሰራሕተኛታት ጥዕና መጥቃዕቲ በጺሕዎም። ኣብ እዋን ጎነፂ ማእከላት ጥዕና ከም መንበርን ካልኦት ናውቲ ሕክምናን ዝኣመሰሉ ንብረት ሰኢነን። ከም መድሓኒት ዝኣመሰሉ ናውቲ ሕክምና ሕጽረት ከምዝነበረን፡ ገለ ሰባት ሕጽረት መድሓኒት ከምዘሎ ክቕበልዎ ስለዘይከኣሉ ንሕሱ ከምዘለና ዝገመቱ እውን ነይሮም። ገለ ሰባት ንሰራሕተኛታት ጥዕና መድሓኒት ሓቢእና ስለዝመሰሎም ኣፈራሪሖምዎም።"* (መኮነን ጥዕና ካብ ዓፋር)

***ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ቁጠባዊ ክልከላ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና***

ልክዕ ከም ዝገጠመ ሕጽረት ወሳኒ ቀረብ፡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና እውን ውልቃዊ ቁጠባዊ ክልከላ ኣጋጢምዎም እዩ።

ኣብ ትግራይ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ደሞዝ ዘይብሎም ነዊሕ እዋን ዘጋጠሞም፣ እዚ ድማ መነባብሮኦም ንምቕጻል፣ ንስድራቤቶም ንምምላእ ኣጸጋሚ ኮይኑ፣ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ድማ ኣወሃህባ ግልጋሎት ንምቕጻል ዘለዎም ዓቕሚ ጎዲሉ። ኣብ መወዳእታ እቲ ቁጠባዊ ኩነኔ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ክስደዱን ካብቲ ዓውዲ ምሉእ ብምሉእ ክወጹን ገይሩ።

*"ዋልኳ ኣይንተሓዝ ሓሊፉ'ውን ኣብ እዋን ከበባ ንሰብ ሞያ ጥዕና ሕጽረት ደሞዝ ነይሩ። ስለዚ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ትግራይ ን20 ኣዋርሕ ብዘይ ደሞዝ ሰሪሖም፡ ቃል ብቓሉ ብዘይ ደሞዝ ....ብዙሓት ካብኣቶም ዋላ'ኳ ኣብ ከባቢና ጎንጺ ተዘይሃለወ ተሰዲዶም፡ ኣገልግሎት ኣይንህብን ኔርና።"* (ሓኪም ካብ ትግራይ)

*"ኣገልግሎታትና ኣየቋረጽናን፣ ኣብ ስራሕ ጥራይ ኢና ንጸንሕ ነይርና። ካልእ እንኸዶ ቦታ ስለዘይነበረና፡ ዋላ'ውን ኣብ ዝጠመናሉን ምስ ብዙሕ ጸገማት ከንቃለስን ከለና፡ ስራሕና ቀጺልና። ኣብ እዋን ኩናት፡ ኣብዚ ንኸትጸንሕ ጽቡቕ ቦታ ኣይነበረን፡ እንተኾነ ግን ክንነብሮ ስለዘለና ኢና ጸኒሕና- ስለ ዝዓገብና ወይ ክፍሊት ስለ ንኽፈል ኣይኮነን።"* (ክኢላ ስነ-ልቦና ካብ ትግራይ)

*"...ብዙሓት ካባና ንመነባብሮና ንምምላእ ንቃለስ ኣለና። ብውልቀይ ከም ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብዚ እዋንዚ ደሞዝ ከይተቐበልኩ ይሰርሕ ኣለኹ። ...ገንዘባዊ ጸገማት ኣለዉ ንስድራቤትና ዘድልዮም ነገራት ምምላእ ዝከኣል ውሑድ እዩ ማለት እዩ። ደቅና እንተሓሚሞም መብዛሕትኡ ግዜ ዘድልዮም ሕክምናዊ ክንክን ክንከፍል ኣይንኽእልን ኢና።"* (ሳይካትሪ ነርስ ካብ ትግራይ)


ተሳተፍቲ ክልል ኣምሓራን ትግራይን ከምዝበልዎ ስራሕ እንዳቐጸሉ እንከለው'ውን ጸገም ውሕስና መግቢ ከምዘጋጠሞም ገሊጾም።

*"ኣብ እዋን ኩናት፡ ንሳቶም [ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና] ይጠምዩን ተረፍ መግቢ ብፕላስቲክ ቦርሳታት ተጠቒሞም ይልምኑን ነይሮም [ተረፍ መግቢ ንምልማንን ንምእካብን። ምገረመካ፡ ኩሉ ሰብ ይቃለስ ነይሩ፡ ሕዝ'ውን ብዙሓት ኣይዓገቡን።" (መዋልዳንት ካብ ኣምሓራ)*

***ትንተናን መደምደምታን፡ እቲ ስጉምቲ ዝውሰዶ ግዜ ሕዝ እዩ።***

ኣብ መላእ ብኅነፂ ዝተሃስያ ዞባታት ኢትዮጵያ ዝተሰነደ ቅዲ መጥቃዕትን ስግኣታትን ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኣንፈት ከምዘለዎ ዘንጸባርቕ እዩ። ተመኩሮታት ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ ጥቅምቲ 2024 ንቶም ኣብ 2025ን 2026ን ዝተሰነዱ ቅዲታት ዘንጸባርቑ እዮም። ዋላ እኳ ዓይነታት ዓመጽ፡ ከምኡ'ውን መብዛሕትኦም ዝተጸልዉ ዞባታት ምስ ግዜ ይፈላለዩ፡ ኣብ ቅዲ መጥቃዕቲ ኣብ ክንክን ጥዕና ናይ ምምስሳል ንጹርነት ኣለዎም። ኅነፂ እናቐጸለ ምስ ከደ፡ ምዕናው ትሕተ-ቅርጺ ጥዕና፡ ቀረብ ሰንሰለታትን ኣገልግሎታትን፡ ከምኡ'ውን ንሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ዒላማ ምግባር፡ ምፍርራሕን ስግእት ምኽን'ውን ቀጺሉ። እዚ መጥቃዕትን ምፍርራሕን ንበይኑ ፈሊካ ዝረአ ዘይኮነስ ኣካል ናይቲ ዝሰፍሐ መቐጸልታ ዓመጽ ኮይኖም፡ ውሑድ ምልክት ኣብ ባይታ ዘሎ ህልዊ ኩነታት እዮም።

ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ኣብ ኅነፂ ዝተሃስያ ዞባታት ነፍሲ ወከፍ ባእታ ስርዓት ክንክን ጥዕና ብምፍራስ፡ ገበነኛታት መጥቃዕትን ስግኣታትን ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ግዳያት ኣገዳሲ ክንክን ንምርካብ ዘለዎም ዓቕሚ ይድርቱ፡ ብሓንሳብ ድማ ተበጻሕነት ክንክን ብምድንጓይ ወይ ብምእላይ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ሳዕቤን ጥሕሰት ጥሕሰት የዕምቑ። (ስእሊ 1 ርአ)




ኣብ ትግራይ፡ ተሳተፍቲ ዳህሳስ ከም ዝሓበርዎ ኣብ ልዕሊ ትካላት ክንክን ጥዕና ቀጥታዊ መጥቃዕቲ፡ ምስ ሰፊሕ ጉሕለት መሳርሕታትን መድሓኒትን፡ ከምኡ'ውን ምዕጻው ቀረብ ሰንሰለት ተወሲኹዎ ነቲ ትሕተ ጽርጺ ስርዓት ጥዕናን ኣገደስቲ

ቀረባትን ጥርሑ ክተርፍ ብምግባር ነቲ እናሓየለ ዝቕጽል ዘሎ ቅልውላው ከምዘጋደዶ ይገልጹ። ትካላት ተበላሽዮም ወይ ዓንዮም፣ ኣቑሑ ገዛን ወሳኒ ኣቑሑትን ናይ ሕክምና መሳርሒታት፣ ንኤችኣይቪን ንጾታውን ተፈጥሮኣውን ጥዕና ዘገልግሉ መድሓኒታት ኮነ ኢልካ ብምእላይ፣ ህንጻታት ደው ኢሎም ኣብ ዝጸንሑሉ ቦታታት ከይተረፈ ስሩዕ ኣወሃህባ ኣገልግሎት ከምዘይከኣል ዝገብር ጽዑቕ ሕጽረት ኣስዒቡ። ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ሆስፒታላትን ማእከላት ጥዕናን ብምእታው፡ ክንክን ይደልዩን ማእከላት ጥዕና ከም ወተሃደራዊ መዓስከራት ይሕዙን ብምንባሮም፡ ቦታታት ክንክን ናብ ዘይውሑስ ቦታታት ብምቕያር ተበጻሕነት ክንክን ጥዕና ይድርቱን፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ዒላማ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ይገብርዎም ከምዝነበሩ ይግለጽ። ጎኒ ጎኒ እዚ ድማ፡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ዓመጽ፡ ምፍርራሕን ቀታሊ መጥቃዕትን ኪጋጥሞም እንከሎ፡ ንነዊሕ እዋን ብዘይ ክፍሊት ስለዝሰርሑ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ምጽናሕ ዓቕሞምን ድልየቶምን ዝያዳ ኣዳኺምዎ። ኣብ እዋን ኲናት ልዕሊ 70 ሚእታዊት ትካላት ጥዕና ከምዝተዘመታን ብውሑዱ 86 ሚእታዊት ትካላት ጥዕና ድማ መዋቕራዊ ዕንወት ከምዘጋጠመንን ይግለጽ። ኲናት ተጀመሩ ሽዱሽተ ወርሒ ምስ ገበረ ካብተን ኣብ ትግራይ ዝነበራ 712ኬላታት ጥዕና ዋላ ሓንቲ'ውን ኣገልግሎት ይህባ ኣይነበራን፡ 27.5 ሚኢታዊት ሆስፒታላት ጥራሕ ከዓ ኣገልግሎት ይህባ ንይረን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝጥቀመለን ሲቪላውያ ትካላት ጥዕና ከቢድ ጽልዋ ኣስዒቡ። ኣብ ትግራይ ኣብ ዝርከብ ዓይደር ኮምፕሪሄንሲቭ ስፔሻላይዝድ ሆስፒታል ቅድሚ ኲናትን ኣብ እዋንን ኲናትን ዝነበረ መጠን ሕማምን ሞትን ኣዴታት ዝተገብረ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ እዋን ጎነፂ እቲ ሆስፒታል 9 ሚእታዊት ሪፈር ናይ ከቢድ ናይ መወልዳን ተገልገልቲ ክቕበል እንከሎ ካብቲ ቅድሚ ጎነፂ ምጅማሩ ግን 55 ሚኢታዊት ተገልገልቲ መወልዳን ይቕበል ከምዝነበረን ርኡይ ምንካይ ከምዘርኣየን ይግለጽ።

ኣብ ክልል ኣምሓራ እውን ተሳተፍቲ ከም ዝገለጽዎ ኣብ 2025ን 2026ን ስርዓት ክንክን ጥዕና ዒላማ ኮይነን ከምዝነበራን ብፍላይ ድማ ኣደዳ ደብዳብ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት (drone technology strikes) ከምዝኾነን ሓቢሮም። ጎኒ ጎኒ እዚ ድማ ወሰንቲ ቀረባት ክንክን ጥዕና ከም መሳርሕታትን ቀረባትን ብዘጋጠመ ዝምታ፡ ምምንዛዕን፣ ሕጽረታትን ጥርሓን ከምዝተረፉ ገሊጾም። ኣብዚ ዝሓለፉ ዉሑዳት ዓመታት ኣብ ኣምሓራ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብፍሉይን ብቐጻልነትን ዒላማ ኮይኖም'ዮም - ወሃብቲ ኣገልግሎት ይቕተሉ፡ ዓመጽ የጋጥሞም፣ ከምኡ'ውን ክንክን ስለዝሃቡ ጥራይ ናይ ዓመጽን ምፍርራሕን የጋጥሞም፣ ብፍላይ ድማ ን ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝሓተቱንተጓነጽቲ ሓይልታት ኣገልግሎት ክንክን ስለዝሀቡ ምስኣቶም ምትሕብባር ኣለኩም ብዝብል መጥቃዕቲ ከምዝወርዶም ይግለጽ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ሕሙማትን ህላወ ዕጡቓት ጉጅለታትን ኣብ ማእከላት ጥዕናን ቀጻሊ ምፍርራሕ ዓመጽን ሕነ ምፍዳይን ዝተኣሳሰር ፍርሕን ካብ ትካላት ርሒቖም። ናይ 12 ትንተናዊ መጽናዕትታት ከም ዘመልከቶ፡ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝረአ ጎነፂ 60 ሚእታዊት ትካላት ጥዕና ከም ዘይሰርሓ፡ ን70 ሚእታዊት ህዝቢ ዕንቅፋት ተበጻሕነት ቀረብ ሕክምና ከም ዘጋጠሞን፡ ተረባሕነት ኣገልግሎት ድማ ብ80 ሚእታዊት ከም ዝነከየ ይሕብር።

ዋላ እኳ ብPHRን OJAHን ካብ ክልል ዓፋር ዝወሓደ መረዳእታ እንተኣከበ፡ኣብ ዝተገበረ ዳህሳስን ዓሚቕ ቃለ መሕትትን ግን ብልዑል መጠን ምስቲ ኣብ ትግራይን ኣምሓራን ዝተራእየ ቅዲታት ዝመሳሰል እዩ። እዚ ድማ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝርከባ ትካላት ክንክን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ዓመጽን ስግኣትን ከም ኣካል ናይቲ ጎነፂ የጋጥሞም ከምዘሎ ይሕብር።

እዞም መጥቃዕትታት ከዓ ናይ ኩሎም ገበን ዝፍጽሙ ኣካላት ዝኽተልዎ ቅድን ባህርያትን ዘንጸባርቑ እዮም። ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ህዝባዊ ውድብ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)፡ ከምኡ'ውን ኣምሓራ ፋኖ፡ ኩሎም ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙ ይግለጽ፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕቲ ንቡር ምግባርን ከም ሓደ ፍጻመ ገበን ወይ ብሓደ ጉጅለ ገበነኛታት ዝፍጸም ከምዘይኮነን ከም ናይ ጎነፂ ሜላ እናኾነ ምምጽኡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዋላ'ኳ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ (IHL)ን ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን (IHRL) ጽኑዕ ሕጋዊ ሓለዋ ክንክን ጥዕና እንተሃለወ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕቲታትን ስግኣታትን፡ ንምጉዳእ፡ ንምፍርራሕን ንምድኻምን ማሕበረሰባት ኣገልጊሉ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሆስፒታላት ዝፍጸም መጥቃዕቲ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ ክጥሕስ ይኽእል እዩ ምኽንያቱ IHL ኣብ ልዕሊ ሲቪላትን ሲቪላውያን ኣቑሑትን መጥቃዕቲ ይኽልክል፣ ንዝቖሰሉን ሕሙማትን ይከላኸል፣ ከምኡ'ውን ፍሉይ ውሕስነት ንኣሃዱታት ሕክምና፣ ኣባላት ሕክምና፡ ሕክምናዊ መጓዓዝያታትን፣ ኣምቡላንሳትን ፍሉይ ውሕስነት ዝህብ እዩ። ሓንቲ ሆስፒታል ወይ ኣምቡላንስ ፍሉይ ውሕስነት ክትስእን እትኽእል፡ ካብ ሰብኣዊ ስራሕ ወጻኢ፡ ንጸላኢ ዝጎድእ ተግባራት ንምፍጻም ምስ ዝጥቀመሉ ጥራይ እዩ፡ ሽዑ እውን እንተኾነ፡ ከምዚ ዓይነት መጠንቀቕታ ኣብ ዘድልየሉ፡ ግቡእ መጠንቀቕታ ምስተሰምዐ ጥራይ እዩ ዝቛረጽ። ኣብቲ ጎነፂ ዝሳተፉ ወገናት፡ነቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ኣሎ ዝብልዎ ከባቢታት፡ ንዝተጸገሙ ሲቪላት ዘይሻራዊ ሰብኣዊ ረድኤትን ሕክምናውን ካልኦት ቀረባትን ከፍቅዱን ከመቻችኡን ኣለዎም። ስለዚ፡ ኣብ ልዕሊ ዝሰርሓ ሆስፒታላት ኮነ ኢልካ መጥቃዕቲ ምፍጻም፡ ትካላት ጥዕና ምድብዳብ ወይ ምዝማት፡ ክንክን ብዝዕንቅፍ መንገዲ ምሓዘን፡ ንሰራሕተኛታት ሕክምና ምፍርራሕ፡ ወይ ኣምቡላንሳት ምዕጋት፡ ንጥሒሰት IHL፡ ከከም ዕላማን ኩነታትን ድማ ገበናት ኲናት ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ዋላ'ውን ሓደ ወገን ንወተሃደራዊ ዕላማ የጥቅዕ ኣለኹ ኣብ ዝብሎ ቦታ እንተኾነ፡ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ (IHL) ምስ ኣፋላላይ፡ ተመጣጣኒነትን ጥንቃቐን ምኽባር ይጠልብ፡ መጠኑ ዝሓለፎ ፍጻመ ሲቪላዊ ጉድኣትን መጥቃዕን ዝኽልክል እዩ፡ ኩሎም ኣካላት ከዓ ኣብ ልዕሊ ሲቪላትን ሲቪላዊ ኣቕሑን ጉድኣት ንኸይበጽሕ ወይ ንምንካይ ኩሉ ዝከኣል ጥንቃቐታት ክገብሩ ኣለዎም። ኣብ ኩነታት ጥዕና፡ ዝግበር መጽናዕታዊ ትንታነ ድማ ነቲ ብሰንኪ ምጥፋእ ህጹጽ ክንክን ዝመጽእ ሞት ወይ ዘይተሓከመ መጉዳእቲ፡ ምዝንባዕ ኣገልግሎት ኣምቡላንስ፡ ምዕናው ቀረብ ሕክምና፡ ፍርሒ ኣብ መንጎ ሕሙማትን ሰራሕተኛታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ምጉዳል ተበጻሕነት ክንክን ጥዕና ዝኣመሰሉ ኣቕዲሙ ክግምገምን ክቓልሕን ብዝኽእል መልክዑ ከጠቓልል ይግባእ። ኢትዮጵያ ብዘሎ መስርሕ ውዕላት ኣንኮላይ ብናይ ጀነቫ ውዕላትን ተወሳኺ ካልኣይ ፕሮቶኮል ውዕልን ትቐየድ ኮይና፡ ንሲቪላት፡ ንቑሱላትን ንሕሙማትን፡ ሕክምናዊ ክንክንን ሰብኣዊ ረድኤትን ዝወሃብ ቀንዲ ሓለዋታት ነቲ ኣብ ኣህጉራዊ ዘይኮነ ዕጥቃዊ ግጭታት ተግባራዊ ዝኾነ ዝተለምደ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ IHL ዘንጸባርቕ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ትካላት ጥዕናን ኣወሃህባ ኣገልግሎት ጥዕናን ዝፍጸም መጥቃዕቲ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት (IHRL) እውን ዝጥሕስ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እዚ ሕጊ እዚ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ውግእ ጎኒ ጎኒ IHL ተግባራዊ ኮይኑ ዝቕጽል እዩ። ኣብ ሆስፒታል ዝፍጸም መጥቃዕቲ ንናይ ሰባት ናይ ምንባር፡ ጥዕና፡ ውሕስነትን ኣድልዎ ዘይምግባርን ዝብሉ መሰላት ክዕንቅፍ ስለ ዝኽእል ብፍላይ ድማ ንሲቪል፡ እሱራት፡ ውጉኣት ተጋደልቲ፡ ነፍሰጾራት፡ ህጻናት፡ ወይ ስንኩላን ኣገዳሲ ሕክምናዊ ክንክን ኣብ ዝኽልከልሉ እዮም ። ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ዓመጽን

ግህሰትን ንሲቪላትን ዕርቅን ኣብ ሓደጋ እናእተወ ይቕጽል ከምዘሎ ብምጥንቃቕ፣ ኩሎም ወገናት ተጻብኦታት ደው ከብሉን መሰላት ክሕልዉን ጻዊዒት ኣቕሪቡ። ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት (IHRL)፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ዘይሕጋዊ መጥቃዕትን ኢደወነናዊ ምሕሳም ህይወትን ምቑጣብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንኸቢድ ግህሰት ናይ ምጽራይ፣ ምኽሳስን መፍትሒ ናይ ምሃብን ሓላፍነት ኣለዎ። ኣብ ልዕሊ ሆስፒታላት ዝፍጸም መጥቃዕቲ ሰፊሕን፡ ዝድገምን ወይ ከኣ ብዘይ መቕጻዕቲ ዝሕለፍ ኣብ ዝኾነሉ፡ ስለዚ ብሓይልታት መንግስቲ ቀጥታዊ ዓመጽ ከምዝግበሩን ከምኡ'ውን ንሲቪላት ካብ ዘይመንግስታዊ ዕጡቓት ንዝፍጸም ግህሰት ንምክልኻል ግቡእ ምጽራይ ክግበር ዘይምኽኣሉን ዘመልክት እዩ።

ካብ ሕዳር 2020 ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕቲ ክጋደድ ካብ ዝጅምር፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ንዝፍጸም ዓመጽ ኣብ ምስናድ፡ ምጽራይ፡ ተሓታትነት ምርግጋጽ ቀጻሊ ውድቀት ተራእዩ እዩ። ኣብ ባይታ ዝተኻየደ ተኣማንነት ዘለዎ መርመራ ይኹን ክሲ ብቕሉዕ ኣይተገብረን ፣ከምኡ'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ንኣህጉራውን ዞባውን መርመርቲ ኣካላት ንኽዕጸዉ ጎስጒሱን ተዓዊቱን፡ ከም ዉጽኢቱ ድማ ነቲ ደረጃ ዞባዉን ኣህጉራውን ዝጎደሎ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ መንገዲ ብምኽፋት ነቲ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰባት ዝወረደ ዓመጽ ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ክምልስ ኣይከኣለን። ኣብ ቅድሚ ፍሹል መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ካብ ከም በዓል WHOን OHCHRን ዝኣመሰሉ ትካላት ዝመጽእ ዝነበረ ነጻ ሰነዳት ተቐባልነትን ቀጻልነትን ስለዘይነበሮ መጥቃዕትታት መብዛሕትኡ ግዜ ከይተመዝገበን ከይተፈትሐን ጸኒሑ። እቲ ብዛዕባ መጥቃዕቲ ክንክን ጥዕና ዝረአ ጸብጻብ፡ ነቲ ስፍሓትን ሸፈነን ዓመጽ ዘነኣእስን ኣዝዩ ትሑት ቁጽሪ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። መርትዕታትና ብግልጺ ከምዘቐመጥዎ፡ እዚ ዕጹው ምዕራፍ ኣይኮነን ወይ ከኣ እኩባት ናይ ዝተነጻጸሉ ጉዳያት ዘይኮነስ ነቶም እናቐጸሉ ዝኸዱ ዘለው መጥቃዕትታት ከም ዝተጽሓፈ መምርሒታት ምኟኖም ዘርኢ'ዩ። እቲ ሳዕቤን ክትግምቶ ዝከኣልን ኣዕናዊን እዩ - ኣገልግሎታት እናተበታተኑ፡ ትካላት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኖም፡ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ናይ ስራሕ ቦቶኦም ገዲፎም፡ ከምኡ'ውን ተበጻሕነት ኣገዳሲ ክንክን ጥዕና ብስርዓታዊ መንገዲ ተዳኺሙ፡ ግዳያትን ዝተጎድኡ ማሕበረሰባትን ኣብ ክንክን ዓበይቲ ዕንቅፋታት የጋጥሞም ኣሎ።

ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ዓመጽ ፡ ግዴታዊ ስጉምቲ ክትወስድ ዝድርኽ አዩ። ድሮ ሕጽረት ቀረብን ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ክፍተት ደሞዝን ከምዘሎ ጸብጻባት ይቐርብ ኣሎ፡ ትካላት ድማ ጺጋታት ክእከባን ህጹጽ ዘይኮኑ ጉዳያት ምእንጋድ ክገድፈኦ ጀሚረን ኣለዋ፡ ዓመጽ ክውስኽ ይኽእል'ዩ ካብ ዝብል ገምጋም ብመቑነን (rationing) ክሰርሓ ጀሚረን ኣለዋ። እዞም ስግኣታት እዚኦም ዘግዱዎ ነገር እንተሃልዩ፡ ግዱሳት ኣካላት፡ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ንዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ተሓታትነት እናደለዩን፡ ባህሊ ዘይተሓታትነት እናተኸላኸሉን ኣብ ኢትዮጵያ ንዘሎ ስርዓታት ክንክን ጥዕና ዘድሊ ደገፍ ኢንቨስትመንትን ቀረባትን ንክገብሩ ስጉምቲ ዝወስዱሉ እዋን ሕዝ እዩ።

ስርዓተ ጥዕና ኢትዮጵያ ንልዕሊ ፍርቂ ዓሰርተ (decade) ዝጸንሐ ጎነፂ ስዒቡ ገና ኣብ ምሕዋይ ዝርከብ ኮይኑ፡ ነቲ ዝያዳ ዝጋደድ ዘሎ ዓመጽ ከምጽኦ ዝኽእል ወሰኽ ድሌት ንምምላእ ምሉእ ብምሉእ ድሉው ኣይኮነን። ዓመጽ ምስ ዝሕይል፡ ሰላማውያን ሰባት ዝኸበደ ጾር ይስከሙ - ብሰንኪ ቐጥታዊ ኣካላዊ ጉድኣት፡ ምዝንባልን ምፍራስ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ንጠለባት እቶም ዝደሓኑ ሰባት ትርጉም ዘለዎ ምላሽ ክህብ ዝኽእል ዝሰርሕ ስርዓተ ጥዕና እንተዘይሃልዩ፡ ጉድኣት ይጋደድ፡ መጉዳእቲ ከይተሓከመ ይኸይድ፣ ሞት ይውስኽ፣ ሕማም ይዝርጋሕ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቁስሊ ድማ ብዘይ ደገፍ ይዓሞቕ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰባት፡ ግዳያት፡ ከምኡ’ውን ሰራሕተኛታት ጥዕና ዓሚቕን ነባሪን ጉድኣት ኣውሪዱ’ዩ። እዞም ዓመጻት ብህጹጽ ደው ክብሉን ነቶም ዝተጎድኡ ሰባት ቅልጡፍ ሓለዋን ደገፍን ክግበረሎም ኣለዎ።

## ለበዋታት

*ንኹሎም ኣብቲ ጎነፂ ዝተሳተፉ ወገናት፣*

- ኣብ ልዕሊ ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕቲ ከም ሜላ ኲናት ምጥቃም ደው ምባልን ኣብ እዋን ጎነፂ ምክልኻል ክንክን ጥዕና ምኽባርን።
- ንዝተፈጸሙ ከበድቲ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ግፍዓዊ ገበናትን፡ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕናን ንምምርማርን ንምስናድን ብዘይ ኣድልዎን ነጻን ውሑስ መንገዲ ብምኽፋት፡ ዞባውን ዓለም ለኻውን ናይ ምርመራ መዝነታት ዳግማይ ብምቛም ምክትታልን ስነዳ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ካልኦት ጥሕሰታት ዓለም ለኻዊ ሕግታትን ምርግጋጽ
- ንህላወኦም ኣገደስቲ ዝኾኑ ቀረብ ዘድልዮም ሲቪላት ብዘይሻራዊ ሰብኣዊ ረድኤት ንኽወሃብ ምፍቃድን ምምችቻውን፣ ዳግመ ህንጸትን ምሕዋይን ትካላት ክንክን ጥዕና ንምሕያል፡ ተረባሕነት፡ ተበጻሕነት፡ ተቐባልነትን ጽሬት ዘለዎ ኣገልግሎት ጥዕናን ካልእ ዓይነት ምሕዋይን፡ ብዘይ ኣድልዎ፡ ኮላይ ነቶም ካብ ጾታውን ተፈጥሮኣውን ዓመጽ ዝደሓኑ ሰባት፡ ኣብ ኩሉ ብጎነፂ ዝተሃስዩ ከባቢታት ንምድጋፍ ምፍቃድን ምስላጥን።

***መንግስቲ ኢትዮጵያ፣***

- ንሰብ ሞያ ጥዕና ኢትዮጵያ ምሉእ ክፍሊት ደሞዝ ብምርግጋጽ ምድጋፍ፣ ከይተከፈለ ዝሓለፈ ክፍሊት ሓዊሱ፣ ንካልኣይን ተዘዋዋርን ስንባደ ንምፍታሕ ደገፍ ምሃብ።
- ተኣማንነት ዘለዎን ንግዳያት ዘማእከን ቅልጡፍ ናይ ካሕሳ፣ ፍትሕን ተሓታትነትን ስጉምትታት ምርግጋጽን ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ደረጃታት ዝሰማማዕ መሰጋገሪ መስርሕ ፍትሒ ምትግባርን ብቐጥታ ብጎነፂ ዝተሃስዩ ሰባት'ዉን ኣብ መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ምስታፍን ምርግጋጽ።
- ቅጽጡፍ፡ ነጻን ኣጠቓላልን ምርመራ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ጥሕሰታት ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ (IHL) ምክያድን፡ ብተወሳኺ ኣብ ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ዓፋር ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ክኾኑ ዝኽእሉ ምርመራ ብምክያድ፡ ገበነኛታት ብንጹርን ተኣማንነት ኣብ ዘለዎ መስርሕ ፍትሒ ከምዚቐርቡ ምግባር

***ናብ ዓለም ለኻዉን ዞባውን ማሕበረሰብ፣***

- ቀዳምነት ሂብካ ኣብ ናይ ጎነፂ ናይ ምቅናይ ስጉምትታት ምውፋርን ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ፋኖ፣ ህውሓት፣ ኦላን ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ሰላማዊ ፖለቲካዊ ዘተ ምምችቻው።
- ስሩዕ ክትትልን ግሉጽ ጸብጻብን ኣተገባብራ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት (COHA) ብምድጋፍን ኣብዚ ጥራይ ከይተሓጽሩ ከምቲ ኣብቲ ስምምዕ ዝተቐመጠ መሰጋገሪ ኣገባባት ፍትሕን ምሕላው ሰብኣዊ መሰላትን ምትግባር
- ጥሕሰት ንምስናድን ንዝተጎድኡ ማሕበረሰባት ንፍትሕን ተሓታትነትን ዝኸውን መንገድታት ንምትካልን ዘይሻራዊን ነጻን መርማሪ ኣገባባት ብህጹጽ ዳግማይ ምትካል።
- መሰል ናይ ጥዕና ንምርግጋጽ ኣብ ኢትዮጵያ ሓለዋ፡ ምንቅስቓሳት ምፍጣር፡ ምምዋልን ተበግሶታት ብምውሳድ መሰል ጥዕና ንምርግጋጽ ዝድግፍ ምወላ ኮላይ ንኣገደስቲ ቀረብን ሸቐጣትን ምወላ፣ ብጎነፂ ዝተጎድኡ ስርዓታት

ጥዕና ዳግመ ህንጸትን ንሰብ ሞያ ጥዕና ዝድግፍን፣ ብዓለማዊ ጽምዶታት ጥዕናን ስምምዓት ረድኤትን፣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፣ ምዕሩይነት፣ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ተሓታትነት ዝተመርኮሰ፣ ብዘይ ኣስገዳዲ፡ ብዘይ ገደብ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ብዘይ ኣስገዳድን ምዝመዛን ተጠቃምነት ኣገደስቲ ኣገልግሎት ጥዕና ምርግጋጽ።

- ኣብ ኢትዮጵያ ብጎነፒ ዝተሃሰዩ ህዝብታት ትርጉም ዘለዎ ተበጻሕነት ንምርግጋጽ ካብ ዓመጽ ዝደሓኑ ዘማእከለ፡ ስቓይ ኣብ ግምት ዘእተወ ክንክን፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዳግመ ሕውየት ንጾታዊ ዐመጽ ጸጋጠሞም ሰባት ኣብ ግምት ዘእተወ ንህጻናትን መንእሰያትን ብፍሉይ ክንክን ብምቕራብ ትርጉም ዘለዎ ደገፍ ምግባር።
- ኣብ ልዕሊ ጥዕና ንዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ተሓታትነትን ፍትሕን ንምድንፋዕ ስጉምትታት ምውሳድ፣ ኮላይ ንኣድማሳዊ ስልጣን ፍርዲ ዝምልከት ጠለባትን ካልእ መንገድታት ተሓታትነት ብዘባውን ኣህጉራውን ኣብያተ ፍርድን ኮሚሽናትን ብምድጋፍ።

***ናብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፤***

- ብዛዕባ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ብዝምልከት ዓመታዊ ጸብጻብ ሓዊሱ ህዝባዊ እዋናዊ ሓበሬታ ምዝርጋሕ፣ ሕሉፍ ግህሰታት ተሓታትነትን ፍትሕን ንምርግጋጽ ከምኡ እውን ተወሳኺ ግፍዒ ንምክልኻል ዝግበር ኣህጉራዊ ጻዕሪ ምሕያል።
- ሃገራዊ ኣገባባት መሰጋገሪ ፍትሒ ብሙሉእ ኣፈጻጽማ ምርግጋጽን ምዕባለ ምክትታልን።
- ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ዝካየድ ናጻ ግዳማዊ መርመራታት ምድጋፍ።

***ናብ ውድብ ጥዕና ዓለም***

- ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕትታት ምስናድን ኣብ ልዕሊ ክንክን ጥዕና ዝፍጸም መጥቃዕትታትን ኣብ ስርዓተ ምክትታል መጥቃዕቲ ኣብ ክንክን ጥዕናን ዝምልከት መረዳእታ ንህዝቢ ምክፋልን።

# ልጋብ ፣፡

# ኣገባብ ስራሕ

እዚ መጽናዕቲ'ዚ፣ ጎንፅኣብ ክንክን ጥዕና ንዝፍጸም መጥቃዕቲ፣ ጎነፂ ኣብ ስርዓተ ጥዕና ኢትዮጵያ ዘስዕቦ ሰፊሕ ጽልዋ ንምስናድ ጥቡቕን ዝተሓዋወሰን ሜላ መጽናዕቲ ብምጥቃም ዝተዳለወ እዩ። ብዝሓውን ዓይነታውን መረዳእታታት ካብ 602 ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብዉዱብ ቃለ መሕትት፣ ካብ 40 ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝህቡ ቃለ መሕትታትን ካብ ኣርባዕተ ጉጅለኣዊ ዘተታትን ብምእካብ ርካቦታት ዝተወሀሃደ ጽብጻብ ዝሓቖፈ እዩ። እዚ ኣገባብ መጽናዕቲ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ንዝተረኸበመረዳእታ ተኣማንነት ዘሐየለ ኮይኑ፡ ስፍሓትን ሽፈነን መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ጥዕናን ዓሚቕ ዳህሳስ ኣብ ዝተነበረ ተሞክሮታት ተሞርኪሱ ርድኢት ሂቡ'ሎ።

ኣብ ትካል ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ክንብል ከለና ሓካይም፣ ነርስታት፣ መዋልዳን ፣ ተመሃሮ ሕክምና፣ ኣመሓደርቲ ሆስፒታል/ማእከል ጥዕና፣ ሰራሕተኛታት ጥዕና ማሕበረሰብ፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣብ ሆስፒታላት፣ ማእከላት ጥዕና፣ ተንቀሳቐስቲ ክሊኒካት ህጹጽ ረድኤት፣ መዓስከራት ስደተኛታት፣ ዉሑስ ማእከል ፣ ግልጋሎት ሓደ ማእከላትን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ማለትዉንካብ ሕዳር 2020 ጀሚሩ ኣብ ግልጋሎት ምሃብ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኣብዚ መጽናዕቲ ተካቲቶ ኣዮም ። (ንሓበሬታ ስነ-ህዝቢ ተሳተፍቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰሌዳ ርአ) ።

ኩሎም ተሳተፍቲ ቅድሚ ምእካብ መረዳእታ ምጅማሩ ፍቓድ ተሳትፎ ካብ ዝሃቡ ጥራሕ ዝተኣከበ እንትከዉን እዚ መጽናዕቲ ካብ ናይ ሰለስተ ትካላት ገምጋሚ ቦርድ ስነ-ምግባር ፍቓድ ረኺቡ ዝተሰርሐ ኦዩ።

ምእካብ መረዳእታ ኣብ መንጎ ሓምለ ክሳብ ጥቅምቲ 2024 ዝተኣከበ ኮይኑ፡ ተወሳኺ መረዳእታ'ውን ካብ ኢትዮጵያን ኣሜሪካን ዝመደበሮም ዝተፈላለየ ድህረባይታ ዘለዎም ጉጅለ ምርምር ኣብ 2025ን 2026ን ተኣኪቡ እዩ። እቲ ናይ መናዕቲ እዋን ከኣ ኣብ ትግራይ ኣብ ሕዳር 2020 ዝጀመረ ጎንጺ ምጅማር ጦርነት ኣትሒዙ ክሳብ ነሓሰ 2024 ዝሸፍን ኮይኑ፡ ተወሳኺ መረዳእታ ከኣ ኣብ 2025ን ክሳብ መጀመርታ 2026ን ዘካተተ እዩ።

እቲ ዳህሳስ ናይ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ተመኩሮታት ጾታውን ተፈጥሮኣውን ዓመጽ፡ መጥቃዕቲ ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ጽልዋ ጎነፂ ኣብ ስርዓተ ጥዕናን ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን፡ ንዝተመርጹ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና፡ ብOpen Data Kit (ODK) ዝተባህለ መሳርሒ ብምጥቃም እዩ ተኻይዱ። ብተውሳኺ ህሉው ኩነታት ጥዕና ኣእምሮ ሰራሕተኛ ክንክን ጥዕና ንምግምጋም ProQoL ስኬል ከምዝመልኡ ተጌሩ።

እዚ መጽናዕቲ ብዙሕ ደረጃታት ዘለዎ ኣገባብ ምውሳድ ተሳተፍቲ ከጥቀም እንከሎ፡ ካብ 40 ኣብ እዋን ጎንጺ ኣብ ስራሕ ዝነበራን ንግዳያት ጾታዊ ዓመጽ ኣገልግሎት ይህባ ዝነበራ ትካላት ጥዕና ኣየን። ፡ እዘን ትካላት ጥዕና ኣብተን ብጎነፂ ዝተሃስያ ክልላት ዝርከባ ኮይነን፣ ክልተ ካብ ዓፋር፣ ኣርባዕተ ካብ ኣምሓራ፣ 34 ድማ ካብ ትግራይ እየን። እቶም ተሳተፍቲ ከኣ ብመሰረት ዘለዎም ሞያዊ ሓላፍነት እዮም ተመሪጾም። ብምኽንያት ምሕላው ድሕነት እዘን ትካላትን ኣባላተንን፡ ብዛዕባ ኣስማት ትካላት፡ ልክዕ ኣቀማምጠአን፡ ብዝሒ ተሳተፍቲ ዝምልከት መለለዪ ሓበሬታ ኣብዚ ጸብጻብ ኣይቀረበን።

ብሰንኪ ብሓይሊ ምትሓዝ፣ ዕጽዋን ዘሰክፍ ውሕስነትን፡ ኣብ ምዕራብ ትግራይን ገለ ከባቢታት ኣምሓራን ዝርከባ ትካላት ጥዕና ኣብዚ መረዳእታ ዝእከበሉ እዋን ተበጻሕነት ስለዘይነበረን ካብቲ መጽናዕቲ ኣይተኻተታን ። እቲ ቀመር መጠን ምትማን ተሳተፍቲ ንነፍሲ ወከፍ ዝሳተፉ ትካላት ምስ ዘለውን በዝሒ ሰብ ሞያ ተመጣጣኒ ዝርግሐ ከምዝህልዎ ብምግባር ተሳተፍቲ ክካተቱ ተጌሩ።

ምስ ተሳተፍቲ ጉጅለ ዘተን ሓውሲ ዓሚቝ ቃለ መሕትታትን ብዛዕባ እንታይነት መጥቃዕትታት ኣብ ክንክን ጥዕናን ዘለዎም ጽልዋ ኣብ ኣወሃህባ ኣገልግሎትን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታት ጥዕና፣ ሰብኣዊ ተዋሳእቲ፣ ከምኡ'ውን መራሕቲ ማሕበረሰብ ብጎነፂ ንዝተሃሰዩ ህዝብታት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኬንያን ሱዳንን ኣብ ዝርከቡ ስደተኛታት ቦታታት ክንክን ናይ ምሃብ ተመኩሮ ዘለዎምን ተኻይዱ።

ተሳተፍቲ ዓሚቝ ቃለ መሕትት ብቑዓት ዝኾኑ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና፣ ሰብኣዊ ሰራሓት ዝዋስኡ ወይ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም መራሕቲ ማሕበረሰብ ኮይኖም ድሕሪ ሕዳር 2020 ብጎነፂ ዝተሃሰዩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ምስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም እንተኾይኖም እዮም። ቅድሚ ቃለ መሕትት ምክያዱ ድሕረባይታ ተሳተፍቲ ዝድህስስ መሕተቲ ጽሑፍ ተዋሂቡ'ዩ። ተወካልነት ዓይነት ዝተሰማረይሉ ሞያን ጥዕና፡ ሞያዊ ተራን ነባሪ ተሞክሮ ተሳተፍን ንምርግጋጽ፡ እዚ መጽናዕቲ ፍሉይ ዕላማ ዘለዎ ኣገባብ ኣመላምላ ተሳተፍቲ ተጠቒሙ።

እቲ ሓውሲ ቅርጻዊ መምርሒ ቃለ መሕትት፡ ኣብ ምሃብ ጉድኣት ተገልገልቲ ዘገናዘበ ክንክን ዝረኣዩ ብድሆታት፡ ኢሉዉን ተመኩሮታት መጥቃዕቲ ኣብ ክንክን ጥዕናን ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ዘለዎም ጽልዋን ዳህሲሱ። ቃለ መሕትታት ብቋንቋታት ትግርኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ኦሮሞ፣ ወይ እንግሊዝኛ ብዝሰልጠኑ፣ ምስ ላህጃ ኣትከባቢ ዝተላመዱ ኣከብቲ መረዳእታ እዩ ተኻይዱ። ኩሎም ቃለ-መጠይቓት ብድምጺ ተቐሪጾም፡ ቃል ብቓሉ በቲ መበቆላዊ ቋንቋ ተጻሒፎም፡ ናብ እንግሊዝኛ ተተርጒሞም፡ ብኽልተ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኣባላት ናይቲ መጽናዕቲ ጉጅለ ድማ ልክዕነቶም ተረጋጊጾም።

## ትንተና መረዳእታ

ኩሉ ዳታ መንነቱ ንኸይልለ ተኣልዩ። ብሰብ ሞያ ሕክምና፣ ሕብረተሰብ ጥዕና፣ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብ ምያ ሕግን ዝቖመት ጉጅለ መጽናዕቲ ብምትሕብባር ትንተና መረዳእታ ኣካይዱ።

ዓይነታዊ ሓውሲ ግዱብ ዓሚቝ ቃለ-መጠይቓትን ጉጅለ ተሳተፍቲ ዘተን ዝተኣከበ ዳታ ብዓይነታዊ ምሕደራ ዳታን ትንተናን ሶፍትዌር Dedoose ብምጥቃም ተገምጊሙን ተተንቲኑን። ኩሎም ቃል መሕትታት ብ ኮዲንግ መዝገበ ቃላት ብምጥቃም ኮድ ተዋሂብዎም። እቲ መዝገበ ቃላት ኮዲንግ ኣብ ዕላማታት መጽናዕቲ ከምኡ እውን ካብ ዳህሳስ መረዳእታ ዝቕልቀሉ ፍረ-ነገራት (ቴማታት) ዝተመስረተ እዩ ነይሩ። እቲ መጽናዕታዊ ጉጅለ፡ ተደጋጋምን ብምትሕብባርን ጻዕሪ ሰለስተ ደረጃታት ዘለዎ መስርሕ ትንተና ተጠቒሙ፡ እዚ ድማ 1) ክፉት ኮዲንግ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ቃለ መጠይቕን ኣብ መንጎ ቃለ-መጠይቓት ዝተመደበ ዳታ ናብ ናይ ሓባር ረቛሒት ዘለዎም ምድባት ምኽፋል 2) ሰሌዳ ፍረ-ነገራት (Theme tables) ካብቲ ዳታ ዝወጹ ቀንዲ ፍረነገራት ካብቲ መረዳእታ ከአ ኣብ ኣኼባ ተዘትይሎም ዝ ቀንዲ ፍረ-ነገራት (ቴማታት) መሪጾም፡ ከምኡ'ውን 3) ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ቴማ ንዘለዉ ቁልፊ ባእታታት ንምግላጽን ንምውህሃድን ጽማቕን ዘጠቓለለ እዩ።

ካብ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ካብ ProQolን ዝተረኸበ ብዝሒ መረዳእታ፡ ብዝተሰማምዑሉ መለክዒታት ብምጥቃም ብብዙሕ ዓውድታት ዝሓቖፈ ጉጅለ ተጻፊፉ፡ ድሕሪኡ ተመኩሮታት ክንክን ጥዕናን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ዝፍጸም መጥቃዕትታት ንምጽማቕ ድማ ገላጺ ስታቲስቲክስ ተጠቒሙ ተተንቲኑ።

## ድሩትነት መጽናዕቲ

እዚ መረዳእታታት ኣብ ልዕሊ ዝተመረጹ ትካላት ኣብ ጎነፂ ዝተሃሰዩ ከባቢታት ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ዓፋር ንዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ክንክን ጥዕና ኣገደስቲ ርድኢታት ዝህቡኳ እንትኾኑ ኣብ ኩለን ክልላት ኢትዮጵያ ውዱእ ግምትን ዝርገሐን ዘይዉክል ኮይኑ፡ ብተወሳኺ እዚ መጽናዕቲ ካብ ሕዳር 2020 ክሳብ ነሓሰ 2024 ኣብ ዝነበረ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ዝተደረተ እዩ። ደረት ኣመላምላ ተሳተፍቲ ሓደ ካብ ድሩትነት ናይዚ መጽናዕቲ ኮይኑ፡ እቶም ምኽንያታት ከኣ ልዕሊ ዓቕን ውክልና ትግራይ፣ ጉዳይ ድሕንነት ስነ-ምግባርን ምምሕዳራዊ ዕንቅፋታት ናብ ዝተወሰኑ ህዝብን ጂኦግራፍያዊ ከባቢታትን፡ ብፍላይ ኣብ ኣምሓራን ብውሑድ ደረጃ ዓፋርን ተበጻሕነት ዝድርት ብምንባሩ ንትሑት ውክልና ኣበርክቶ ብምግባርን ኣብ መላእ ክልላትን ምስ ግዜን ኣብ ዝርግሐ ጎነፂ ንዘሎ ፍልልይ ክጋርዶ ስለ ዝኽኣለ እዩ። ዓይነታዊ ርኽበታት ንኣረኣእያ ተሳተፍቲ ሰብ ሞያ ጥዕና ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ መልሲ ዝሃቡ ሰባት ኣብ 2020 ዝጅምር ፍጻመታት ብምዝካር ዝሃብዎ ጵብጻብ ስለ ዝኾነ ስሕተት ፍጻመታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ እቲ ዓይነታዊ ናሙና ውሑድን ዘይሃንደበታውን ብምንባሩ፡ካብ'ዚ ውጽኢት ተበጊስካ ንሰፊሕ ህዝቢ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያ ሓፈሻዊ መደምደምታ ንምሃብ ዝድርት እዩ። ነዞም ድሩትነታት ንምቅላል፡ ኣከብቲ መረዳእታ ደረጃኡ ብዝሓለዉ ፕሮቶኮላት ክም ዝሰልጠኑ፡ ኣብ መላእ መጽናዕትን ቃለ-መጠይቓትን ብዙሓት ምንጪታት ሓበሬታት ብምግንዛብከምዝውሃሃዱ ተገይሮም፡ ትርጉማትን ኮዲንግን ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝሓቖፈ ጉጅለ መጽናዕቲ ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ከምዝረጋገጹ ተጌሮም፡ ቅኑዕነት ንምዕባይን ናይ ትርጉም ወገናውነት ንምንካይ ውን ተሰርሑ። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ እዞም ደረታት እዚኦም ማለት ውስንነት ጂኦግራፍያዊ ሽፋን፣ ውክልናን ናይ ግዜ ፍልልያትን ዝኣመሰሉ ክፍተታት ንምፍታሕ ተወሳኺ መጽናዕቲ ከምዘድሊ ዘጉልሑ እዮም።

# ጸብጻብ ድሕረባይታ ተሳተፍቲ

| **ሰሌዳ 1: ድሕረባይታ ባህርያት ተሳተፍቲ ዳህሳስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና** | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| | ድምር | ትግራይ | ዓፋር | ኣምሓራ | ካልኦት |
| ቁጽሪ ዳህሳሳት N (%) | 602 (100) | 509 (84.6) | 30 (5) | 61 (10.1) | 2 (0.4) |
| ዕድመ, y, Median (IQR)[lvii] | 32 (28 – 40) | 32 (29 – 41.5) | 31 (27 – 39.25) | 29 (27 – 32) | 29 (26 - _) |
| ተባዕታይ N (%) | 237 (39.4) | 172 (33.8) | 19 (63.3) | 45 (73.8) | 1 (50) |
| ኣንስተይቲ N (%) | 365 (60.6) | 337 (66.2) | 11 (36.7) | 16 (26.2) | 1 (50) |
| ናይ ተሳተፍቲ ሞያዊ ድሕረባይታ | | | | | |
| ሰራሕተኛ ሕክምና ማሕበረሰብ | 15 (2.5) | 8 (1.6) | 4 (13.3) | 3 (4.9) | 0 (0) |
| *መኮነን ጥዕና* | 69 (11.5) | 59 (11.6) | 5 (16.7) | 4 (6.6) | 1 (50) |
| *ተሓጋገዝቲ ሓካይም* | 16 (2.7) | 13 (2.6) | 2 (6.7) | 1 (1.6) | 0 (0) |
| *ነርስታት* | 223 (37) | 187 (36.7) | 8 (26.7) | 27 (44.3) | 1 (50) |
| *መዋልዳን* | 182 (30.2) | 162 (31.8) | 7 (23.3) | 13 (21.3) | 0 (0) |
| *ሓካይም* | 36 (6) | 34 (6.7) | 0 (0) | 2 (3.3) | 0 (0) |
| *ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኣእምሮ* | 22 (3.7) | 18 (3.5) | 1 (3.3) | 3 (4.9) | 0 (0) |
| *ሓላፊ ጉዳይ ተሓከምቲ/ሶሻል ወርከር* | 10 (1.7) | 9 (1.8) | 1 (3.3) | 0 (0) | 0 (0) |
| *ናይ ምሕደራን ተሓጋገዝቲ ኣባላት* | 6 (1) | 4 (0.8) | 2 (6.7) | 0 (0) | 0 (0) |
| *ካልእ* | 23 (3.8) | 15 (2.9) | 0 (0) | 8 (13.1) | 0 (0) |

| ሰሌዳ 2: ድሕረባይታ ባህሪያት ናይ ኣብ ቃለ መሕትት ዝተሳተፉ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ድምር | ዓፋር | ኣምሓራ | ኬንያ/ሱዳን | ኦሮምያ | ትግራይ |
| ቁጽሪ ቃለ መሕትታት፣ N (%) | 40 (100%) | 1 (3%) | 3 (8%) | 12 (30%) | 7 (18%) | 17 (43%) |
| ዕድመ, y, Median (IQR) | 32 (9) | 28 (0) | 28 (2) | 37 (11) | 31 (5) | 30 (9.5) |
| ተባዕታይ፡N (%) | 17 (43%) | 0 (0%) | 3 (100%) | 5 (42%) | 6 (86%) | 2 (12%) |
| ኣንስታይ N (%) | 23 (58%) | 1 (100%) | 0 (0%) | 7 (58%) | 1 (14%) | 15 (88%) |
| ኣብ ኢትዮጵያ ዘለው ብጎነፂ ዝተጠቕዑ ሰባት ዝሰራሕካሉ ንውሓት ግዜ, y, Median (IQR) | 4 years (1.5) | 5 years (0) | 4 years (2) | 4 years (2) | 3 years (3) | 3 years (2) |
| ሰራሕተኛ ሕክምና ማሕበረሰብ | 3 (8%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 3 (18%) |
| *መኮነን ጥዕና* | 9 (22%) | 1 (100%) | 0 (0%) | 3 (25%) | 1 (14%) | 4(24%) |
| *ተሓጋገዝቲ ሓካይም* | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) |
| *ነርስታት* | 13 (33%) | 0 (0%) | 3(100%) | 5 (42%) | 3(43%) | 2 (12%) |
| *መዋልዳን* | 2 (5%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 2 (12%) |
| *ሓካይም* | 5 (13%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 1 (8%) | 3(43%) | 1 (6%) |
| *ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኣእምሮ* | 2 (5%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 1 (8%) | 0 (0%) | 1 (6%) |
| *ሓላፊ ጉዳይ ተሓከምቲ/ሶሻል ወርከር* | 3 (8%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 1 (8%) | 0 (0%) | 2 (12%) |
| *ምሕደራን ተሓጋገዝቲ ኣባላት* | 1 (3%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 1 (6%) |
| ካልእ | 2 (5%) | 0 (0%) | 0 (0%) | 1 (8%) | 0 (0%) | 1 (6%) |